

# መገዲ ህይወት

ቍጽሪ 4 መስከረም 2023







**4.**

ዮሃንስየ ኣቶ፡ ኣብሪህዋ ንባይቶ

**6.**

መንበረ እስክንድርያ፡ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ

**14.**

ታሪኽ ህይወት፡ ኣቡነ ቄርሎስ፡ ሓምሻይ ፓትርያርክ

**16.**

ካብዝን ካብትን

**18.**

ጥምቀት ህጻናት

**19.**

ማዕተብ

**20.**

ባሊጋ

**21.**

ኣረኣእያ ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ጥምቀት

**21.**

ጥንተ ኣብሶን፡ ሕድገት ሓጢኣትን

**24.**

“ዓይኒ መርፍእ”

**26.**

ኣብ ርእስና እንተንፈርድ



**ኣሰናዳኢ**

ቀሺ ዮናስ ወልደሩፋኤል

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዳዊት ቀላቲ
ሰናይት ግርማይ
ዲ. ሳሙኤል ኢሳቕ

**ቅጥዒ መጽሔት**


ኣስመረት ዘርኣብሩኽ

# ፍኒሕኒሕ ክንብል

ምሕረት ኣምላኽ በዚሑ፡ ዘመነ ዮሃንስ ንኣቱ’ለና! ቤተ ክርስቲያንና ብኸቢድ መስገደል ኣብ እትሓልፈሉ ዘላ እዋን፡ ነቲ ካብ ጐይታ ዝተቐበለቶ፡ ”ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም” ዝብል ዓብዪ ተልእኾ ንምትግባሩ፡ ፍኒሕኒሕ ምእንቲ ክንብል፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዕዉት ወፍሪ ወንጌል ኣብ ምግባር ኣብነታዊት ኰይና ንዘላ፡ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ ዘመንበረ እስክንድርያ፡ ኣብዚ ሕታም እዚ፡ ሰፊሕ ሽፈነ ሂብና፡ ኣቕሪብናያ’ለና።

ንጥምቀት፡ ማዕተብ፡ ባሊጋ ወዘተ በብጊዜኡ ተደጋጊሞም ዝልዓሉ ሕቶታት ብምዃኖም፡ ስፍሕ ዝበለ ሽፈነ ተጌሩሎም ኣሎ። መጽሔት መገዲ ህይወት፡ ነቶም ኣብ ቤተ ክርስቲያንና ብዝለዓለ ጽፍሒ ፓትርያርክ ዘገልገሉ ኣቦታት፡ ታሪኽ ህይወቶም ክትስንድ ጸኒሓ’ያ። ኣብዛ ራብዐይቲ ሕታም ድማ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ሓምሻይ ፓትርያርክ፡ ኣቡነ ቄርሎስ ቀዳማዊ ቀሪቡ’ሎ።

”ሃብታም መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዝኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክሓልፍ ይቐልል” ዝብል ብህሎ ጐይታና ንምብራህ፡ ኣብ እስራኤል ካብ ዝርከቡ ኣገደስቲ ቦታታት፡ ”ዓይኒ መርፍእ” ምስ ዝተባህለት ቅርሲ ከነላልየኩም ኢና። ኣብ ርእስና እንተንፈርድ፡ እንኹንዮ ሰብ ምተረኽበ ዶ፧ ነዚ ዝምልከት ጽሑፍን፡ ካብዝን ካብትን ዝተዋጽአ፡ መሃሪ ዝበልናዮ ካልእ ትሕዝቶ’ውን ቀሪብና’ለና፡ ቀዳዊና ዓመት ይግበሮ!



# ዮሃንስየ ኣቶ፡ ኣብሪህዋ ንባይቶ

እተጸርገ መገዲ፡ ብቐሊሉ ካብን ናብን ንኽትመላለሱሉ ይሕግዝ። ህዝቢ እስራኤል፡ ነቲ ብተስፋ ዝጽበይዎ ጐይታ፡ ብቐሊሉ ምእንቲ ክቕበልዎ፡ ነቲ መገዲ ክጸርጎ ዝተላእከ፡ ዮሃንስ ነበረ፡ (ሚል 3፡1 ማር 1፡ 1-3)። እስራኤል ግና፡ ብስስዔ፡ ብዓመጻ፡ ብግፍዒ፡ ብሓሶት... ወዘተ፡ ብመገዲ ገዛእ ርእሶም ይመላለሱ ነበሩ፡ (ኢሳ 40፡3-8፤ ኤር 5፡1-2)።

ዮሃንስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ጥምቀት ንስሓ እናጥመቐ እንከሎ፡ ካብ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ካብ ተገውቲ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዓቀይቶት (ወተሃደራት) መጺኦም፡ "እንታይ ንግበር" ብምባል ሓተትዎ፡ (ሉቃ 3.10-14)። ተዓዲሉሎም፡ "እንታይ ንግበር፧" ቢሎም ዝሓትዎ ሰብ ኔርዎም!

ዮሃንስ፡ ሕቶ ህዝቢ መለሰ፥ "ክልተ ቐምሽ ዘለዎ ነቲ ዜብሉ ይምቀሎ፡ ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር" ብምባል ድማ ኣወጀ። "ዮሃንስየ ኣቶ፡ ኣብሪህዋ ንባይቶ" ክብሃል እንከሎ፡ ዮሃንስ ዘብርሆ ባይቶ፡ ሓደው ባይቶታት ክንዘክር ይግብኣና ነበረ፡ ከምኡ ግና ኣይገበርናን። ብጻይካን ወገንካን ብጥሙዩ፡ ስብሕቲ ላም ኣውዲቕካ፡ ሜስ መይስካን ክዳን ኣጸዕዲኻን፡ ኣውደ-ኣመት ምጽንባል፡ "ዮሃንስየ ኣቶ" ዘብል ኣይኮነን።

ዮሃንስ፡ ነቶም ተገውቲ'ውን (ተገውቲ ማለት፡ ተቐበልቲ ቀረጽ ማለት እዮም። ሰራሕተኛታት መንግስቲ ቢልና ንረድኣዮም) "ካብቲ እተኣዘዘልኩም ሓለፉ ኣይትውሰዱ፡" በሎም። ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ካብ ጉቦን ብልሽውናን ዝጸረዩ፡ ስርዓት ዘኽብሩ፡ ብሕጊ ዝቐየዱ፡ ሞራላውን ስነ-ምግባራውን ህይወት ዝመለለይኦም ክኾኑ ከም ዝግባእ ሰበኸ። "ኣብሪህዋ ንባይቶ" ይብሉኹም ከምዚ እዩ።

ዮሃንስ ነቶም ዓቀይቲ'ውን ዝኸውን ምላሽ ነበሮ። ዓቀይቲ ማለት ወተሃደራት ማለት'ዩ። "ንሓደ እኳ ኣይትግፍዑ፡ ብሓሶት'ውን ኣይትኸሰሱ፡ ደደመወዝኩም ከኣ ይእኽልኩም፡" ድማ በሎም። "ዮሃንስየ ኣቶ፡ ኣብርሂዋ ንባይቶ" ዶ በሉ፡ ተዓዲሉሎም፡ "እንታይ ንግበር፧" ቢሎም ዝሓትዎ ሰብ ኔርዎም!

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንዮሃንስ ክምስክረሉ እንከሎ፡ "ዚነድድን ዜብርህን መብራህቲ ነበረ" ቢሉ ገለጾ (ዮሃ5.35)። ኣብ ካልእ ስፍራ'ውን፡ "ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ፡ ካብ ዮሃንስ መጥምቕ ዚዓቢ ሓደ እኳ ኣይተንስኤን" በለ ጐይታ ንደቀ-መዛሙርቱ (ማቴ 11.11)። "ንስኻ ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ ዝዓበኻ ኢኻ" ቢልካ ምውዳስ ግና ናብ ስሕተት ዜብጽሕ እዩ'ሞ ኣይንውዕሎን።

ዮሃንስ ዘብርሃ ካልኣይቲ ባይቶ ድማ፡ ጽምብል ዕለተ ልደት ሄሮድስ እያ። ሄሮድስ፡ ንሰይቲ ፊሊጶስ ሓው፡ ወሲዱ፡ ሰበይቱ ገበራ። እቲ "ዝነድድ መብራህቲ" ተባሂሉ ዘሎ ዮሃንስ፡ ተንሲኡ ንሄሮድስ፡ "ንሳ ንዓኻ ክትከውን ኣይተፈቕደልካን" ብምባል ድማ ተዛረበ። ሄሮድስ በዓል ስልጣን እዩ እሞ፡ ነቲ ገጽ-ንገጽ ዝተቓወሞ፡ ንዮሃንስ ኣሲሩ፡ ዕለተ ልደቱ ንምጽንባል ፌስታ ኣዳለወ። ዮሃንስ ንስለ ወንጌል ኣብ ማእሰርቲ፡ ሄሮድስን ኩሎም እቶም ካልኦትን ድማ ኣብ ብልዕን መስተን ኣብ ምዝንጋዕን ምስዕሳዕን! ሽዑ፡ ጓል ሄሮድያዳ ተንሲኣ ብምቍጽጻይ ንልቢ ሄሮድስ ብሓጐስ ኣሰራሰረቶ።

ሽዑ እቲ ኣብ ጓይላ ዝተሓጐሰ ሄሮድስ፡ ዝደለየቶ ኺህባ ብማሕላ ኣተስፈዋ። ንሳ፡ ኸምቲ ኣዲኣ ቐድም ዝመኸረታ፡ ርእሲ ዮሃንስ መጥመቕ ኣብ ሒላብ ጌርካ ኣብዚ ሃበኒ፡ በለቶ። ልኢኹ ድማ ርእሲ ዮሃንስ ኣብ ቤት ማእሰሪ ኣሰየፈ። እታ ርእሱ ኣብ ሒላብ ገይሮም ከኣ ነታ ጓል ሃብዋ። ንሳ ድማ ናብ ኣዲኣ ወሰደታ። ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ መጺኦም፡ ሬሳኡ ኣልዒሎም ቀበሩ። ከይዶም ከኣ ንየሱስ ነገርዎ፡ (ማቴ 14.1-12)።

ዓውደ ዓመት ማለት፡ ሓደ ዓመት ኣብቂዑ፡ ሓደ ካልእ ሓድሽ ዓመት ዝጅምረሉ ማለት እዩ። ዓውዲ ዘክሩ። ከባብ ስለ ዝኾነት፡ ካብ ሓደ ቦታ ተበጊስካ፡ ኲሊልካ ናብታ ዝነበርካያ ኢኻ እተኹድድ፥ መሊስካ ትዓውድ መሊስካ ድማ ትምለስ። ዓውደ ዕለት፡ (24 ሰዓት) ዓውደ ሰሙን፡(7 መዓልቲ) ዓውደ ወርሒ (30 መዓልቲ)፡ ወዘተ እናበለ እቲ ፍቕዲ ጊዜ ይዓውድ።

ዓውደ ዓመት ድማ ከምኡ፡ 365 ወይ 366 መዓልቲ ምስ ኣእከለ፡ ሓድሽ ዑደት ይጅምር።

ኣቦታት ቤተክርስቲያን፡ ነታ ዮሃንስ ዝተሰየፈላ ዕለት፡ ርእሰ ዓውደ ዓመት ክትከውን ሓረይዋ! ግደ ሓቂ፡ ዮሃንስ መጥምቕ 2 መስከረም ከም ዝተሰየፈ'ዩ ዝንገረሉ። ኣብ መላግቦ ሓድሽን ብሉይን ኪዳን ዝነበረ ኣገልጋሊ ስለ ዝኾነ ግና፡ ነቲ ዝተወድአ ዓመት ከም ብሉይ፡ ነቲ ዝጅመር ዘሎ ሓድሽ ዓመት ድማ ከም ሓድሽ ቈጺርካ፡ ንዮሃንስ መጥምቕ ኣብዚ ዕለት'ዚ ከም ዝዝከር ተገብረ።

ኣቈጻጽራ ዘመን ብዝምልከት፡ ፕሮፌሰር ጌታቸው ሃይሌ ጽሒፎም ከም ዘለው፡ እቲ ዓውደ-ዓመት ብልደተ ክርስቶስ ክጅምር'ኳ ዝግብኦ እንተነበረ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ልደት ጐይታ ግና፡ ኣብ ኣቈጻጽራ ግእዝ፡ ካብ ሞት ዮሃንስ መጥምቕ፡ ኣብ መስከረም፡ ኣብ ፈረንጂ ድማ ኣብ ድሕሪ ልደት ጐይታ ኣብ ጥሪ ክጅምር ተወሰነ።

ውሳነ ምስያፍ ዮሃንስ መጥምቕ፡ ኣብ ጓይላን ፌስታን ተፈጺሙ ከብቅዕ፡ ብምኽንያት ቅዱስ ዮሃንስ እናተባህለ ዝዳሎ ጓይላን ፌስታን፡ ሕጂ'ውን ይቕጽል ምህላዉ፡ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ስጊንጥራዊ ኣከያይዳና እዩ። ግደ ሓቂ ንምዝራብ ግና፡ ባይቶ ዘብርህ እንካብ ተሳእነ ደኣ'ሞ፡ ከምዚ እንተጋጠመ ኸ እንታይ ዘገርም ክህልዎ ይኽእል፧!

ተልእኾ ዮሃንስ መጥምቕ፡ ከምቲ ኣብ ቃል መጽሐፍ ነብዩ ኢሳይያስ እተጻሕፈ፡ "ቃል ኣዋጅ ነጋሪ ኣብ በረኻ ዝእውጅ፡ ጐደና እግዚኣብሄር ጽረጉ፡ መገዱ ድማ ኣቕንዑ። ሸንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ከረንን ኩርባን ዘበለ ድማ ትሕት ይበል፡ ቈናን ከኣ ይቕናዕ፡ ድንጉር'ውን ሰጥ ዝበለ መገዲ ይኹን። ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ምድሓን ኣምላኽ ክርኢ እዩ" ዝብል ነበረ፡ (ሉቃ 3.4-9)።

መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝሕብረና፡ ዮሃንስ ማለት፡ "እግዚኣብሄር ጸጋ እዩ" ማለት እዩ፡ ኣቦኡ ካህን ዘካርያስን ኣዲኡ ኤልሳቤጥን፡ ክልቲኦም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብኹሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ብጽድቂ ዝመላለሱ ነበሩ። ኤልሳቤጥ መኻን ብምንባራ፡ ውሉድ ኣይነበሮምን፡ (ሉቃ 1፡5-7)። ልደትን ኣገልግሎትን ዮሃንስ መጥመቕ ኣቐዲሙ ብነብያት ተነጊሩ ነበረ (ኢሳ 40፡3፣ ሚል 3፡1)። ዮሃንስ ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ተመልአ (ሉቃ 1፡15,41-44)። ንሱ ኣብ በረኻ ዝዓበየ ፍሉይ ናይ ኣምላኽ ልኡኽ ወይ ነብዩ ነበረ፡ (ሚል 3፡1፣ ሉቃ 1፡80፣ ሉቃ 7፡26፣ ማቴ 11፡10)።

ዮሃንስ መጥመቕ ኣብ በረኻ ምዕባዩ፡ ፍቱንን ሓያልን ናይ ብሕተ (ግሊ) ህይወትን ከም ዝነበሮ የርእየና። በረኻ ናይ ፈተና ቦታ፡ ጫው ጫው ዘይብሉ፡ ሰብ ንኣምላኽ ዘለዎ ብቕዓት ዝምዘነሉ ብፍሉይ ድምጺ ኣምላኽ ዝለማመደሉ ስፍራ እዩ። ከም በዓል ዮሃንስ፡ ኣገልግሎት ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ በረኻ ጊዜ ዘሕለፉ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ (ማቴ 4፡4፣ ማቴ 1፡13)፡ ደቂ እስራኤልን (ዘዳ 8፡2-5)፡ ሙሴን (ግብ 7፡29-30) ክጥቀሱ ይከኣል።

ስለዚ ዮሃንስ መጥመቕ "እቲ ኣብ ጸልማት ዝመላለስ ህዝቢ ዓብዪ ብርሃን ረአየ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ድነ ሞት ዝነበሩ'ውን ብርሃን በርሃሎም" ዝተባህለ፡ መታን ኪፍጸም፡ መገዲ ዝጸረገ እዩ (ኢሳ 9፡2፣ ሉቃ 1፡75)። እዚ ኸኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ ኰይኑ ከም ዝመጸ ንምብሳር ነበረ፡ (ዮሃ 1፡29)።

ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስ፡ ሓደ እዋን፡ ስጋዊ ቅንኣት ዘለዓዕል ዝመስል ዘረባ፡ ማለት ኲሉ ህዝቢ ናብቲ ንስኻ ዝመስከርካሉ ይኸይድ ኣሎ ብምባል ምስ ነገርዎ፡ ዮሃንስ መጥምቕ፡ "ደጊም እዚ ሓጐሰይ ተፈጸመ ንሱ ክዓቢ፡ ኣነ ግና ክንእስ ይግባእ" ብምባል መለሰ፡ (ዮሃ 3፡26-30)። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝነግረና፡ ንውድቀት ትዕቢት ከም እትቕድማ እዩ። ንሰይጣን ናብ መዓሙቕ ንምድርባይ (ኢሳ 14፡15)፡ ንኣዳም ንምውዳቕ (ዘፍ 3፡ 17-19)፡ ንሃዋርያት ድማ ንዘይምስምማዕ ምኽንያት (ማቴ 20፡21-24) ዝኾነ፡ ኣምላኽ ንዝሃበካ ሓዲግካ ንዘይተዋህበካ ምድላይ ነበረ።

ፈሪሳውያን ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ሓደ ነገር ክብል ኣጽኒዖም ምስ ሓተትዎ ድማ፡ ዮሃንስ ከምዚ በለ፡- "እቲ ቅድመይ ዝነበረ ድሕረይ ዝመጽእ፡ ንሱ እዩ፡ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ ዘይበቅዕ እየ" (ዮሃ 1፡ 27)። በዚ ድማ ሰባት ንክርስቶስ ከም ዝጥምቱን ከም ዝስዕቡን ገበረ። ጐይታ ኢየሱስ ድማ ከምቲ ኣቦኡ ንዕኡ ዝመስከረሉ፡ ንሱ ድማ ንዮሃንስ ብትሕትናኡ መስከረሉ። ኣምላኽ ዝምስክሮን ዝንእዶን ህይወት ክንነብር ይሓግዘና!

# መንበረ እስክንድርያ፡ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን

ክርስትና ኣብ ምድረ-ሓበሻ፡ ወግዓዊ እምነት ንግስነት ኣኹሱም ኰይኑ ንኽፍለጥ፡ማዕርገ ጵጵስና ሂባ ንፍረሚናጦስ ዝለኣኸት መንበር፡ መንበረ እስክንድርያ እያ። ብ43 ዓመተ ምህረት ኣቢሉ ብስብከት ወንጌላዊ ማርቆስ ከም እተመስረተት ዝንገረላ መንበረ እስክንድርያ፡ ክሳዕ ዓመተ 451 ብሓደ መንበር ጸኒዓ ክትቅጽል ከላ፡ ካብዚ ንደሓር ግና፡ ናብ ክልተ ተጨንዲሓ፡ ግብጣዊን ግሪኻዊትን ተባህለት። ሓደው፡ ያእቆባዊትን መለካዊትን ቢሎም ዝጠቕስዋ'ውን ኣለዉ። ያእቆባዊት ንግብጣዊት ከመልከት ከሎ፡ መለካዊት ድማ ነታ ምስ ንግስነት ዝወገነት፡ ግሪኻዊት ዝምልከት እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ነታ መለካዊት ሓደው ግሪኻዊት እተባህለት መንበረ እስክንድርያ ኢና ስፍሕ ዘበለ ሸፈነ ብምሃብ ክንምልከታ።



ቤተ ክርስቲያን፡ ቅድሚ ምምቕቓላ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም፡ ኣብ ኣንጾኪያ፡ ኣብ ሮማን ኣብ እስክንድርያን ዝነበሩ ኣቦታት፡ በብቦታኡ ወከልቲ ኰይኖም፡ ብዘይ ምእኩል ኣገባብ፡ ግናኸ ሓድነታ ዝተሓለወ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ነበረቶም። እምነተ ክርስትና፡ ንመጀመርያ ጊዜ ወግዓዊ ኣፍልጦ ተዋሂብዎ ብነጻነት ከምልኽ ዝተፈቕደሉ ኣብ ዓመተ 313 ኣብ ዘመነ ሮማዊ ሃጸይ ቈስጠንጢኖስ ዓብዪ፡ እዩ። ዘመነ መከራ፡ ዘመነ ሰማእትነትን ስደትን ኣብቂዑ፡ ዝምድና ቤተ ክርስቲያንን ሃጸይን ኣዝዩ ማዕበለ። ኣቦታት ቤተክርስቲያን ተረጋጊኦም፡ ምህሮ መናፍቕነት ዘለልዩሉን ሓባራዊ ዘተን ምይይጥን ዝገብሩሉን ዓለም-ለኸ ጉባኤታት ቤተ ክርስቲያን'ውን ከካይዱ በቕዑ።

ማዕረ-ማዕረ'ዚ፡ ቈስጠንጢኖስ ማእከል ምምሕዳሩ ኣብታ ብስሙ ዝደኰና ቍስጥንጥንያ ብምግባሩ፡ ኣብ ርእሲ እተን ዝጸንሓ ኣርባዕተ መንበር፡ ቍስጥንጥንያ ኸኣ፡ ድሕሪ ሮማ ብኻልኣይ ደረጃ እትስራዕ፡ ኣገዳሲት ማእከል ክርስትና ኰነት። መንበረ ሮማ እትልለየሉ፡ ቋንቋ ላቲን ክኸውን ከሎ፡ መንበረ ቍስጥንጥንያን እስክንድርያን ዝልለየሉ ድማ ቋንቋ ግሪኽ ነበረ። ካብ ዘመነ ሃዋርያት ኣትሒዙ፡ ዝነበረ ቅድስናን ሓድነትን ቤተ ክርስቲያን፡ ኣብተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመታት፡ ጸኒዑ ቀጸለ።

ኣብ ዓመተ 451 ኣብ ኬልቄዶን ዝተኻየደ ጉባኤ ግና፡ ኣብ ብስምምዕ ስለ ዘይተበጽሐ፡ እታ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን፡ ናብ ክልተ፡ ማለት ኦርየንታል ኦርቶዶክስን፡ ካቶሊክን ናብ ዝብሃል ተኸፍለት። ንመንበረ እስክንድርያ፡ መበል 25 ፓትርያርክ ኰይኑ ዝመርሓ ዝነበረ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ፡

ንሱ ዝርከቦም ካብቲ ጉባኤ ክፍለዩ ከለዉ፡ ኣብቲ ጉባኤ ንዝተረፉ ኣባላት ግና፡ ንመንበረ እስክንድርያ ዝመርሕ፡ ጵሮተርዮስ ዝብሃል ብምስያም፡ ንዲዮስቆሮስ ከም ዝትክኦ ተገብረ። ኣብ ጉባኤ ኬልቄዶን፡ እቲ ንኣቦታት ዘየሰማምዐ ጉዳይ፡ ኣምላኽነትን ትስብእትን ጒይታና ብዝምልከት ዝተገብረ ዝርርብ ነበረ።

መንበረ እስክንድርያ ኣብ ክልተ ተጨንድሐት። እቲ ብቕዱስ ዲዮስቆሮስ ዝምራሕ፡ ተቐባልነት ህዝቢ ክረክብ ከሎ፡ እቲ ኣካል ጉባኤ ኬልቄዶን ኰይኑ ዝቐጸለ ወገን ግና፡ ተቐባልነት ሃጸይ እኳ እንተነበሮ፡ ኣብ ግብጺ ግና፡ ተነጽሎ፡ መከራን ስደትን መናብርቱ ኰነ። ኣብ ሻብዓይ ሚእቲ ዓመት፡ ብዘስፋሕፍሐ እምነተ እስልምና ድማ፡ እቲ መንበር ኣብ ጥቓ ጽንተት እኳ እንተቐረበ፡ ጠሪሹ ግና ኣይጠፍአን።

እቲ ብሃጸይ ተቐባልነት ዝነበሮ መንበረ እስክንድርያ ኣብ ዓመተ 1054 ኣብ ዝተገብረ ዓለም-ለኸ ጉባኤ ቤተክርስቲያን፡ ከም ኣባል ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን መጠን ኣብቲ ጉባኤ ተሳተፈ። “መንፈስ ቅዱስ ካብ ወልድ’ውን ይሰርጽ’ዩ” ዝብል ሓሳብ ተላዕለ’ሞ፡ መንበረ ሮማን መንበረ ቍስጥንጥንያን ከኣ በዚ ጉዳይ እዚ፡ ናብ ክልተ ተጨንዲሐን፡ ካቶሊክን ምብራቕ ኦርቶዶክስን ተባህላ። ምብራቕ ኦርቶዶክስ፡ መንፈስ ቅዱስ ካብ ኣብ ደኣ እምበር ካብ ወልድ ኣይሰርጽን ኣብ ዝብል እምነት ቀዳሞት ሓዙ። በዚ ኸምዚ፡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብመንበረ ሮማ ክትምእከል ከላ፡ ምብራቕ ኦሮቶዶክስ ድማ ብመንበረ ቍስጥንጥንያ ተማእከላ። ኣብያተ ክርስቲያን ምብራቕ ኦርቶዶክስ፡ ነናተን ፓትርያርክ እኳ እንተለወን ነቲ ኣብ መንበረ ቍስጥንጥንያ ዝቕባእ ፓትርያርክ ግና ብቐዳምነት ዝስመ ፓትርያርክ ጌረን እየን ዝቕበላኦ።

ምስፍሕፋሕ እምነተ እስልምና፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ንመንበረ ኢየሩሳሌምን መንበረ እስክንድርያን ድሕሪ ምርኻኻብ፡ ኣብ ቱርኪ’ውን ነታ ካልኣይቲ ሮማ እተሰምየት ቍስጥንጥንያ ኣረኻኺቡላስ፡ ንሳ’ውን ብ1453 ኣብ ሓደጋ ወደቐት። መንበረ ቍስጥንጥንያ ኣብ ዝተዳኸመትሉ፡ እታ ኣብ ሩስያ ዝነበረት ኣባል ምብራቕ ኦርቶዶክስ ግና፡ ን 500 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ትሕቲ ሃጸይነት ዛር ብጽቡቕ ሰጒመት። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኦርቶዶክስ ሩስያ፡ ንገዛእ ርእሳ፡ “ሳልሰይቲ ሮማ” ቢላ ትሰሚ እያ። ይኹን’ምበር 1917 ኣብ ሩስያ’ውን ብዝተላዕለ ቦልሸቪክ እተሰምየ ሰውራ፡ ንንግስነት ዛር ብምዕላው፡ ኮሚኒስታዊ ስርዓት ተተኽለ። በዚ ኸምዚ ኸኣ፡ እታ ኣብ ሩስያ እትርከብ ኦርቶዶክስ’ውን ናብ ከቢድ ጸበባ ኣተወት።

## መንበረ እስክንድርያ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ

ብስብከት ወንጌላዊ ማርቆስ እተመስረተት መንበረ እስክንድርያ፡ ከምቲ ቤተ ክርስቲያን “ዘኣንበሳ ማርቆስ” እናበለት እተዚሞ፡ እቲ ኣርማ’ውን ነዚ ዘንጸባርቕ ኰይኑ ኢና እንረኽቦ። ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቕሰ፡ ክሳዕ 451 ብሓድነት

https://www.patriarchateofalexandria.com/

ክትቅጽል ከላ፡ ድሕር’ዚ ግና፡ ኣብቲ ጉባኤ ድሕሪ ዘጋጠመ ምፍልላይ፡ ኣብ ክልተ ብምግማዕ፡ እታ ብመሪሕነት ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ክትጸንዕ ዝወሰነት፡ ግብጣዊት ክትብሃል ከላ፡ እታ ኣብቲ ጉባኤ ዝተረፈትን ደገፍ ሃጸይ ዝረኸበትን ድማ በቲ ዝዝውተር ዘነበረ ቋንቋ ቤተ ክርስቲያን፡ ግሪኻዊት ተባህለት።

ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ (2023 ዓም) ንኽልቲኤን (ንግብጣዊትን ንግሪኻዊትን) ኣብያተ ክርስቲያን፡ ብደረጃ ፓትርያርክ ኰይኖም ዝመርሑ ዘለዉ፡ “ቅዱስ ኣቡነ ቴዎድሮስ ዳግማዊ“ እዮም ዝብሃሉ። ፓትርያርክ ዘመንበረ እስክንድርያ ወዘኵላ ኣፍሪቃ ዝብል መዓርግ ድማ ኣሎዎም። እቶም ኣባል ምብራቕ ኦርቶዶክስ (ግሪኽ) ዝኾኑ፡ ካብ ቅዱስ ማርቆስ መበል 117 ፓትርያርክ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ግብጣዊ ፓትርያርክ ድማ፡ መበል 118 ፓትርያርክ እዮም።

መንበረ እስክንድርያ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ግሪኽ፡ ከቢድ ናይ ተነጽሎን መከራን ሓሊፉ፡ ካብ መጀመርያ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዛ፡ ቍሩብ ትንፋስ ረኸበት። ጥንታዊ መንበራ ንምዕቃብን ተልእኾኣ ዳግም ንምትግባርን ድማ እጅግኣ ሰብሲባ፡ መንኲባ ኣትሒታ ተበገሰት። ኣብ መላእ ኣፍሪቃ፡ ቤት ጽሕፈት ሃገረ ስብከታት እናኸፈተት ኸኣ፡ ተልእኾኣ ትፍጽም ኣላ።

### ቅርጺ ምምሕዳር

መንበረ እስክንድርያ፡ ከም ኩለን ኣብያተ ክርስቲያን ምብራቕ ኦርቶዶክስ ናይ ባዕላ ፓትርያርክ ዘሎዋ እያ። ከም ኵለን ኣብያተ ክርስቲያን ምብራቕ ኦርቶዶክስ ግና ነቶም ኣብ መንበረ ቍስጥንጥንያ ዝቕብኡ ፓትርያርክ፡ ከም ኤኮመንያዊ ፓትርያርክ ኣፍልጦ ትሀብ።

# ኣህጉረ ስብከታት መንበረ እስክንድርያ




## ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ተዘርጊሖን ዝርከባ ኣህጉረ ስብከታት ኣብዚ ዝስዕብ ካርታ ምምልካት ይከኣል።



# ቅዱስ ኣቡነ ጴጥሮስ ሻብዓይ፡ መበል 116 ፓትርያርክ ዘእስክንድርያ



ኣቡነ ጴጥሮስ ሻብዓይ፡ ብ 9 መጋቢት 1997፡ መበል 116 ፓትርያርክ ዘመንበረ እስክንድርያ ወዘኵላ ኣፍሪቃ ኰይኖም ምስ ተቐብኡ፡ ነቲ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝነበሮም ጽምኢ፡ ስርሐይ ኢሎም ተተሓሓዝዎ። ኣብ ታሪኽ ህይወቶም ከም እንነቦ፡ ብ1980 ናብ ጆሃንስበርግ ደቡብ ኣፍሪቃ ካህን ኰይኖም ተመደቡ። ብድሕሪ'ዚ 1983 መዓርገ ጵጵስና ተቐቢሎም ጳጳስ ዘባቢሎን ኰኑ። ኣስዕብ ኣቢሎም'ውን ተወካሊ ፓትርያርክ ዘመንበረ እስክንድርያ ኣብ ካይሮ ብምኳን ኣገልገሉ።

ሰነ 1990 ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ንዝርከባ 22 ሰበኻታት ንምምራሕ ኣብ ኣክራ ዘሃገረ ጋና ማእከል ጌሮም ንካሜሩን፡ ኬንያ፡ ታንዛንያን ኡጋንዳን ንምምራሕ ኣብኡ፡ ንጡፍ ምስፍሕፋሕ ሰበኻታት ኣካየዱ። ኣብቲ እዋን'ቲ ፓትርያርክ ዝነበሩ ጳርጠኔዎስ ሳልሳዊ ምስ ዓረፉ ኸኣ፡ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ፓትርያርክ ዘመንበረ እስክንድርያ ንምኳን ተመርጹ።

ቋንቋታት ፈረንሳ፡ እንግሊዝ፡ ዓረብን ግሪኽን ይዛረቡ ምንባሮም ዝንገረሎም ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ነቲ ኣብ መንበረ እስክንድርያ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ ዝነበረ ድኻም ንምብዳህ ቈሪጾም ዝተላዕሉ ኣቦ ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተጠቐሰ፡ ግዳማዊ ጸቕጥታት፡ ዝዓበየ ጸገም ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ፡ ኣገልግሎታ፡ ብቛንቋ ግሪኽ ጥራይ ምግባራን፡ እቶም ዝሸየሙ መራሕቲ ድማ፡ ኣፍሪቃውያን ዘይኰኑስ ካብ መንበረ ቍስጥንጥንያ ዝመጹ ጥራይ ምንባሮምን እዩ።

ኣቡነ ጴጥሮስ ኣብ መንበረ እስክንድርያ ምስ ተቐብኡ ግና፡ ነቲ ኵነታት ብምልዋጥ፡ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ብቛንቋ ህዝቢ፡ ኣገልገልቲ ድማ ካብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተሓርዮም ክቐርቡ ብምግባሮም፡ መንበረ እስክንድርያ ኣብ ኣፍሪቃ በብጊዜኡ፡ እናስፋሕፍሐት ክትከይድ ኣኽኣላ። ነዚ ንምዕዋት ድማ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ኣብ ኬንያን፡ መንፈሳዊ ኮሌጅ ተመስረተ፡ ኣብ ግብጾ ድማ ድሕሪ 470 ዓመታት ዳግም ዝተበራበረ  ቤት ትምህርቲ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘመንበረ ፓትርያርክ እስክንድርያ ኣብ ካይሮ፡ ኣፍሪቃውያን ኣገልገልቲ እናፈረዩ፡ ብክህነትን ብጵጵስናን ንህዝቦም ከም ዘገልግሉ ይግበር ኣሎ።



**ኡጋንዳ**



**ዚምባብዌ**



**ማዳጋስካር**



**ኬንያ**

ኣቡነ ጴጥሮስ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ንጡፍ ኣገልግሎት እናሃለዉ፡ 11 መስከረም 2004፡ ሰለስተ ጳጳሳት ዝርከብዎም 17 ሰባት ጽዒና ኣብ ዝነበረት ሄሊኮፕተር ናብ ገዳመ ኣቶስ ግሪኽ እናተጓዕዙ ከለዉ፡ ኣብ ግሪኽ ብዘጋጠመ ሓደጋ ነፋሪት ዓረፉ። ኣብ ቦታኦም ድማ፡ እዞም ሕጂ ዘለዉ፡ ቅዱስ ኣቡነ ቴዎድሮስ ዳግማዊ ተተኪኡ።

# መንበረ ኣኹሱም



*ቅዱስ ፍረሚናጦስ፡ ኣባ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን፡*

ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቐሰ፡ ኣብ ዓመተ 451 ብዘጋጠመ ምክፍፋል መንበረ እስክንድርያ፡ ክልቲኦም ጉጅለ ንመንበረ ኣኹሱም ኣብ ትሕቲኦም ከቐጽልዋ ደለዩ ። ንግስነት ኣኹሱም ግና በቲ እዋን'ቲ ምስ ንግስነት ቍስጥንጥንያ ብዝነበሮ ምሕዝነትን ጽቡቕ ዝምድናን፡ ነቶም ኣብ ጉባኤ ኬልቄዶን ዝቐጸሉ ጉጅለ ንመንበረ እስክንድርያ ግሪኽ መረጸ፡ (የኢትዮጵያ ቤተ ክርስቲያን መታደስና ነጻ መሆን፡ ገጽ 12)። ይኹን'ምበር፡ ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ፡ እዚ ጉጅለ'ዚ፡ ኣብ ህዝቢ ግብጺ ተቐባልነት ስኢኑ ብብዙሕ መከራ ዝሓለፍ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ካልኣይ ጉጅለ፡ መንበረ እስክንድርያ ግብጢ፡ ንመንበረ ኣኽሱም ኣብ ትሕቲኡ ከም እትቕጽል ገበረ።

ግብጻውያን፡ ግቡእ ጉስነትን ምሕደራን ይገብሩ ብዘይ ምንባሮም፡ በብጊዜኡ ዘይዕግበት'ኳ ይንጸባረቕ እንተነበረ፡ ብፍላይ ኣብ ዘመነ ሃጸይ ዮሃንስ ግና፡ ተሪር ተቓውሞ ይበጽሖም ምንባሩ ይጥቀስ። ኣቡነ ኣትናቴዎስ ዝብሃሉ ግብጻዊ ጳጳስ ምስ ሞቱ ኸኣ፡ ሃጸይ ዮሃንስ፡ ንግብጻውያን፡ ወይ ምስ ብዝሒ ህዝብና ዝመጣጠን ብርክት ዝበሉ ጳጳሳት ልኣኹልና፡ ወይ ከኣ ናብ ኣብያተ ክርስቲያን ምብራቕ ገጽና፡ መንበር ክንቅይር ኢና ዝብል መጠንቀቕታ ጽሒፎም ነበሩ፡ (የኢትዮጵያ ቤተ ክርስቲያን መታደስና ነጻ መሆን፡ ገጽ 16)።

ምፍርራህ ሃጸይ ዮሃንስ ዘሰንበዶም ግብጻውያን፡ ኣርባዕተ ጳጳሳት መደቡ። ሓደ ኣብ ኣኽሱም፡ ሓደ ኣብ ጎጃም፡ ሓደ ኣብ ሸዋ፡ ሓደ ድማ ናብቲ ሃጸይ ዮሃንስ ንወዶም ክምድብዎ ሓሲቦምዎ ዝነበሩ ንጉሳዊ ግዝኣት ክምደብ ተወጢኑ ኸሎ፡ ሞት ሃጸይ ዮሃንስ ኣርከበ።

መንበረ እስክንድርያ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግሪኽ፡ ትንፋስ ረኺባ ኣብ ኣፍሪቃ ዝነበራ ጥንታውነት ንምምላስ ምስ ኣንቀደት፡ መንበረ ኣኹሱም ዝብሃል ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተደኮነ መንበር ከፈተት። እዚ መንበር እዚ፡ ብውሳነ ቅዱስ ሲኖዶስ እታ ቤተ ክርስቲያን ብ1908 ዓም ዝቼመ ኰይኑ፡ ንሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያን ጂቡትን ድማ ይጥርንፍ። ጐረቤትና ሱዳን ግና ኣብ መንበረ ኑብያ ዝብሃል እያ እትጥርነፍ።

**ኤርትራ**



*ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ጊዮርጊስ፡ ኣስመራ*

ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቐሰ፡ ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን

ኣገልግሎታ ብቛንቋ ግሪኽ ጥራይ ብምዃኑ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝነበሩ ማሕበረ ሰብ ግሪኽ (ግሪኽ ዝቛንቋኦም፡ ነጋዶ፡ ሰብ ትካል፡ ወዘተ፡ ኣገልግሎት ንምሃብ ኣብ ኣስመራን ከረንን ክልተ ኣብያተ ክርስቲያን ተሃንጸ።




ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን፡ ከረን

**ኢትዮጵያ**




ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ፍረሚናጦስ
ኣዲስ ኣበባ



ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ሱዳን
(ሃገረ ስብከት ኑቢያ)



ግሪኽ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ጂቡቲ

ኣብዚ እዋንዚ (ካብ 2018 ጀሚሩ ዝቕጽል ዘሎ) ነዚ መንበር እዚ ብሓላፍነት ክመርሖ ዝተመደቡ፡ ወዲ ሃገረ ግሪኽ ዝኾኑን ብ1977 ዝተወልዱን ብጹእ ኣቡነ ዳንኤል እዮም።



# ካብ 1908 ኣትሒዞም ኣብ መንበረ ኣኹሱም ዝተመደቡ ጳጳሳት



*ኣቡነ ኒቆላኦስ ምስ ሰማእት ኣቡነ ጴጥሮስ*

- ኣቡነ ክሪስቶፎሮስ 1908–1914
- ቀዳማይ ውግእ ዓለም- ብዘይ ጳጳስ
- ኣቡነ ኒቆላኦስ 1927–1967
- ኣቡነ ሜቶድዮስ 1967-1979
- ኣቡነ ጴጥሮስ 1979–2018
- ኣቡነ ዳንኤል 2018–ዝቐጽሉ ዘለዉ



**ኡጋንዳ**








*ብጹእ ኣቡነ ሲልቨር ኪሲቱ፡ ጳጳስ ዘጂንጃ ወዘምስራቅ ኡጋንዳ*


*ፓትርያርክ ኣቡነ ቴዎድሮስ ኣብ ማላዊ*





ሊቀ-ጳጳስ ኣቡነ ጀሮኒሞስ ሙዘዩ፡ ኡጋንዳ



ሊቀ-ጳጳስ ኣቡነ ኢነሰንቲኖስ፡ ሩዋንዳ ወ ብሩንዲ



ሊቀ-ጳጳስ ኢሉንጋ ሙዙንጋዩ፡ ረፓብሊክ ኮንጎ



# ታሪኽ ህይወት ኣቡነ ቄርሎስ፡ ሓምሻይ ፓትርያርክ

*ታሪኽ ህይወት እቶም ቀዳሞት ኣርባዕተ ፓትርያርካት ኣብ ቀዳማይ ሕታም መጽሔት "መገዲ ህይወት" ወጺኡ ስለ ዘሎ፡ ኣብኡ ምውካስ ይከኣል። ራብዓይ ፓትርያርክ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ፡ ሃንደበታውን ከቢድን ሕማም ሓሚሞም፡ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ድሕሪ ምስቓይ፡ 21 ታሕሳስ 2015 ዓረፉ። 08 ሓምለ 2019፡ ጉዳይ ኣቡነ እንጦንዮስ ውዱቕ ኰይኑ፡ ሓምሻይ ፓትርያርክ ንምሻም ዘኽእል፡ ዓቃቤ መንበር ክስየም፡ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ወሰነ። 17 ሓምለ 2019፡ ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ዓቃቤ መንበር ኰይኖም ተሸሙ። 13 ሰነ 2021 ድማ፡ በዓለ ሲመትን ስርዓተ ተቀብኦን ሓምሻይ ፓትርያርክ ኤርትራ፡ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ቤተክርስቲያን ቅድስት ድንግል ማርያም ኣስመራ ተፈጸመ።*



**ታሪኽ ህይወት ኣቡነ ቄርሎስ**

ወለዶም ዘውጽኡሎም ስም፡ ሃይለማርያም ረዳ ተኽለ ዝብል'ዩ። ሠሉስ 27 መስከረም 1927 (16 መስከረም 1920 ዓ.ም.ግ) ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ባረከንሃ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ካብ ኣዲኦም ወ/ሮ ወለተመድህን ሓጎስ ተወልዱ። ዕድሚኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ፡ ናብ ደብረ ምእዋን ገዳም ኣቡነ ብጹእ ኣምላክ ብምኻድ፡ ግብረ ዲቁና ተማህሩ። ብ 17 ግንቦት 1944 (09 ግንቦት 1936 ዓ.ም.ግ) ድማ ካብ ብፁዕ ኣቡነ ማርቆስ ጳጳስ ኤርትራን ትግራይን መዓርገ ዲቁና ተቐበሉ።

17 ለካቲት 1952 (09 የካቲት 1944 ዓ.ም.ግ) ኣስኬማ ምንኵስና ተቐበሉ። ኣብ ካልኣይ ወርሖም ድማ ብዕለት 29 ሚያዝያ 1952 (21 ሚያዝያ 1944)፡ ብብፁዕ ኣቡነ ማርቆስ፡ መዓርገ ክህነት ተቐብኡ።

ካብ 1952 ኣትሒዞም ከም ቀሺ ገበዝ፡ መጋቢ፡ ሊቀ ኣርድእት፡ ኣፈ መምህርን ጽሓፍን ኮይኖም ድሕሪ ምግልጋል፡ 23 ታሕሳስ 1964 (14 ታኅሣሥ 1957 ዓ.ም.ግ) ኣበምኔት ናይቲ ገዳም ብምዃን መሪሕነት ተረከቡ። ካብ 1984 ጀሚሮም ውዱብ ኣባል ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምዃን ካብኦም ብዝሕተት ዕዮን ተቓለሱ።

19 ሰነ 1994 ኣብ ግብጺ፡ ኣቡነ ቄርሎስ



ብዝብል ስም ኣብ ሃገረ ስብከት ደቡብ ዓዲ ቀይሕ (ዞባ ደቡብ) ከገልግሉ መዓርገ ጵጵስና ተቐበሉ።

ኣብ ዘመን ጵጵስናኦም ን10 ቆሞሳት፡ 1249 ዲያቆናት፡ 5539 ካህናት ብጠቕላላ 6798 ውሉደ ክህነት ቐቢኦም። 28 ሓምለ 1998 (21 ሐምለ 1990 ዓ.ም.ግ) ካብ ቀዳማይ ፓትርያርክ ዘሃገረ ኤርትራ፡ ሢመተ ሊቀ ጵጵስና ተቐበሉ።

13 ግንቦት 2021 (05 ግንቦት 2013 ዓ.ም.ግ) 5ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ ኮይኖም ከገልግሉ ተመሪጾም። 20 ሰነ 2021 (13 ሰነ 2013 ዓ.ም.ግ) ሥርዓተ ሢመት ወጸሎተ ተቀብኦ ተፈጺሙሎም ሓምሻይ ፓትርያርክ ኰኑ።

05 ነሓሰ 2021 (29 ሓምሌ 2013 ዓ.ም.ግ.) ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስት ማርያም፡ ሽዱሽተ ጳጳሳት ቀቢኦም።

ኣብ መንጎ ቤተ ክርስቲያን ግብጽን ቤተክርስቲያን ኤርትራን ተፈጢሩ ዝነበረ ዘይምርድዳእ ናብ ንቡርን ኅውነታውን ዝምድና ንምምላስን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ምስግጋርን ዝለዓለ ግደ ፈጺሙ።

02 ታሕሳስ 2022 (ብዕለት 23 ኅዳር 2015 ዓ.ም.ግ) ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድመኦም ኣብ መንበሪ ቤቶም ብሰላም ዓሪፎም።

08/12/2022 (29 ሕዳር 2015 ዓ.ም.ግ)፣ ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ፣ ልኡኻን ቅዱስ ሲኖዶስ ግብጺን ልኡኻን ቅዱስ ሲኖዶስ ኢትዮጵያን፣ ከምኡ'ውን ሰበ ሥልጣን መንግሥትን ካብ ውሽጥን ወፃእን ዝመጹ ኣበምኔታትን ሊቃነ መናብርትን ሊቃነ ካህናትን፡ ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ምእመናትን ፈተውቲን ቤተሰብን ኣብ ዝተረኽብሉ ወግዓዊ ምፍናውን ምስ ተገብረሎም፣ ኣብ ገዳሞም ደብረ ምዕዋን ሥርዓተ ቀብሮም፡ ተፈጸመ።

# ሳዕሲው ዘይክእልሲ፡ ንወቓዕ ኸበሮ ይሓሚ

ምስላ ኣፍሪቃ

# ካብዝን ካብትን

## ዘመነ ዮሃንስ ዶ ዘመነ ማቴዎስ፡ ብኸመይ ንፈልጦ፧

ነፍሲ ወከፍ ዓመት ብሓደ ካብቶም ኣርባዕተ ወንጌላውያን እያ እትስመ። እዚ ጀሚርናዮ ዘለና ሓድሽ ዓመት ግእዝ፡ 2016፡ ዘመነ ዮሃንስ ወንጌላዊ እዩ። ዝሓለፈ ዓመት ዘመነ ሉቃስ ኔሩ፡ ንዓመታ ድማ እግዚኣብሄር እንተፈቒዱ፡ ብህይወት ድማ እንተጸኒሕና፡ ዘመነ ማቴዎስ ክኸውን'ዩ። እቶም ወንጌላውያን ኣርባዕተ ስለ ዝኾኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንኣርባዕተ መቒልና፡ ነቲ ተረፍ በርባዕተ ኣርቢሕና፡ 1 እንተተሪፉና፡ ዘመነ ማቴዎስ፡ 2 እንተተሪፉና ዘመነ ማርቆስ፡ 3 እንተተሪፉና ዘመነ ሉቃስ፡ ተረፈ ዘየልቦ ብማዕረ እንተተመቒለ ድማ ዘመነ ዮሃንስ ይኸውን ማለት'ዩ።

- 2016 ንኣርባዕተ እንተመቒልናዮ ብዘይተረፍ 504 ይኸውን፡ ስለዚ ዘመነ ዮሃንስ እዩ
- 2017 ንኣርባዕተ እንተመቒልናዮ 504 ተረፍ 1 ኣሎ፡ ስለዚ ዘመነ ማቴዎስ እዩ
- 2018 ንኣርባዕተ እንተመቒልናዮ 504 ተረፍ 2 ኣሎ፡ ስለዚ ዘመነ ማርቆስ እዩ
- 2019 ንኣርባዕተ እንተመቒልናዮ 504 ተረፍ 0,75 ኣሎ፡ 3 ኣሎ፡ ስለዚ ዘመነ ሉቃስ እዩ
- 2020 ንኣርባዕተ እንተመቒልናዮ 505 ብዘይተረፍ ይኸውን፡ ስለዚ ዘመነ ዮሃንስ እዩ

❖ ❖ ❖

# ጥቕስታት

- “እቶም ኣዝዩ ዘድልዮም ደኣ ፍጹም ዘይጥቀሙሉ ኰይኖም እምበር፡ ቀልቢ፡ ከም ዲኦደራንት deodorant እዩ፡”

*- ዘይተፈልጠ*

- “እምነት ንዘላቶ፡ መግለጺ ምሃብ ኣገዳስነት የብሉን፥ እምነት ንዘይብሉ ዝኾነ መግለጺ ምቕራብ ዝከኣል ኣይኮነን”

*- ቶማስ ኣኲናስ*

- “መጻኢ ጊዜ ጽባሕ ዘይኮነ ሎሚ'ዩ ዝጅምር”

*- ዮሃንስ ጳውሎስ ዳግማዊ*

## ኣብ ኤርትራኸ እንታይ ኰን ይዓኩኹ ይህሉ፧

ኣብ ቻይና ናይ እምነት ናጽነት ካብ ዘይምህላዉ ዝተላዕለ፡ ክርስትና ብውሽጠ-ውሽጢ ከም ዘስፋሕፍሐ'ዩ ዝፍለጥ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ 60 % ክምህራኦን ክስዕባኦን ሰረተ እምነት እንተተፈተሸ፡ ብምህሮ ስላሴ ዘይኣምኑ “ኢየሱስ ጥራይ (Only Jesus) ዝብሉ ኰይኖም ጸኒሖም። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ብውሽጠ-ውሽጢ ዝዓኩኹ ዘሎ ክርስትና ኸ፡ እንታይ ዝዓይነቱ ሰረተ እምነት ኰን ሒዙ ይህሉ፧

መጽሓፍ “ተጸዊዐ ድየ፧” ብፓስቶር ኣቤል መብራህቱ

❖ ❖ ❖

## ፍልልይ ጳጳስን፡ ጳጳስ ዲብ-ኵሉን እንታይ እዩ፧

ኣቡነ መቃርዮስ፡ "ጳጳስ ዲበ ኵሉ" ብዝብል መዓርግ እዮም ዝፍለጡ። ፍሉጥን ውሱንን ሃገረ-ስብከት ኣብ ዘለዎ ከባቢ ንኸገልግል ዝቕባእ፡ ጳጳስ ክኸውን ከሎ፡ ፍሉጥን ውሱንን ሃገረ ስብከት ኣብ ዘይብሉ ንዝተፈላለየ ጽፍሒ ኣገልግሎት ዝቕባእ ድማ ጳጳስ ዲብ-ኵሉ ይብሃል። ከምቲ ፓትርያርክ ኣብ መላእ እታ ቤተ ክርስቲያን ዝህልዎ ስልጣን፡ ጳጳስ ድማ ኣብታ ዝተመደበላ ሀገረ ስብከት፡ ምሉእ ስልጣን ኣሎዎ። መዓርጋት ክህነትን ዲቁናን ይህብ፡ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን ይባርኽ፡ ንዋያተ ቅዱሳት ይባርኽ ወዘተ። ንስልጣን ብዝምልከት፡ ጳጳስን፡ ጳጳስ ዲብ-ኵሉን ማዕረ ደረጃ'ዩ ዘሎዎም። ጳጳስ ዲብ ኵሉ፡ ብጊዜያውነት ንሓደ ፍሉይ ተልእኾ ብፓትርያርክ ክምደብ ይኽእል፡ ገና ብደረጃ ሃገረ ስብከት ንዘይቈመ ከባቢ ከመሓድር ተባሂሉ'ውን ክምደብ ይኽእል፡ ወይ ከኣ ሓፈሻዊ ናይ ዝኾኑ ጉዳያት፡ ንመረዳእታ ከም ጉዳይ መንእሰያት፡ ምሕደራ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ፡ ክፍሊ መጽናዕቲ ወዘተ'ውን ኣብዙ ክምደብ ይኽእል። ጳጳስ ዲብ-ኵሉ ንምሻም፡ ፍቓድ ሲኖዶስን፡ ፓትርያርክን ጥራይ ከድሊ ከሎ፡ ጳጳስ ሃገረ ስብከት፡ ገዳም፡ ወዘተ ንምሻም ግና ፍቓድ ማሕበረ ምእመናን ቤተ ክህነት'ውን የድሊ።

# ካብዝን ካብትን...

## ብሂላት ገዳማውያን ኣበው[1]

### *ኣባ ጰመን*

ሓደ ሓው ናብ ኣባ ጰመን ቀሪቡ፡ “ኣባ ኣበየናይ ቦታ'የ ክነብር ዝግብኣኒ፧” ብምባል ምስ ተወከሶ፡ ኣባ ጰመን ድማ “ንሓውኻ ኣብ ዘይትሃስየሉ ቦታ ንበር” ብምባል መለሰሉ።

ኣነ፡- ንሓወይ ዘይሃስየሉ ቦታ ደኣ፡ መቓብር ክኸውን ኣለዎ'ምበር።

ንስኹም ከ፧

### *ኣባ ጳምቦ*

“ልቢ እንተልዩካስ ክትድሕን ትኽእል ኢኻ”

ኣነ፡- ሰብ ብልቡ ኣሚኑ እዩ ዝድሕን እሞ፡ ጽቡቕ በልኩም። እታ ብኣፉ መስኪሩ እትብል ከ ደኣ፧

### *ኣባ ዜና*

“እቲ ጸዋሚ” ዝብል ሳጓ ክሳዕ ዝወጾ፡ ሓደ ብጾም ዝተፈልጠ ሰብ ነበረ። ኣባ ዜና ነዚ ሰብ'ዚ ጸዊዑ ኣምጽኦ'ሞ፡ ብሓባር ምስ ጸለዩ ኸኣ፡ ስራሑ ብህድኣት ክዓዪ ጀመረ። ዘዕልሎ ዝሰኣነ ጸዋሚ፡ ‘ኣባ ጸሊኹም ኣፋንዉኒ ክኸይድ’ በሎም። እዚ እንታይ ተረኺበ እንተተባህለስ፡ ስቕ ኢሉ እዚ ውሽጠይ ይነድኒ'ሎ፡ ኣብቲ ዓደይ ከለኹ፡ ክምዚ ተሰሚዑኒ ኣይፈልጥን'ዩ በለ። ኣባ ዜና ድማ “ኣብቲ ዓዲ፡ ብእዝንኻ ኢኻ ትዓግብ ኔርካ፡ ድሕሪ ሕጂ ግና፡ ክሳዕ ሰዓት ሰለስተ ጸኒሕካ፡ ብላዕ፡ እትገብሮ ዘበለ ድማ ብስቱር ግበሮ ኢኻ” ብምባል ኣፋነዎ።

ኣነ፡- ብስቱር ጸሊ፡ ብስቱር ጹም፡ ብስቱር ግብረ ሰናይ ኣዘውትር ዝብል ኣቦ፡ ብሓቂ ወንጌላዊ'ዩ!

---

*1 ኣብ መጀመርታ ሳልሳይ ሚእቲ ዓመት፡ ዘሎዎም ኩሉ ክሒዶም ናብ በረኻታት ግብጺ ብምኻድ መነኖም ዝነብሩ ኣቦታት*

**ጽባቐ ሳንዱቕ-ሬሳ፡ ሞት ኣየመንን'ዩ**

ምስላ ኣፍሪቃ

# ጠርጠርቲ

ጉድ እምበር ረኺበ ተጠርጢረ
ሰብኣያ ገዲፉ ኸይዱ ተባሂለ
ንበዓል ኪዳና ጠንጢናቶ ኢሎም
ጠመትን ጠምጠምትን ንስመይ በሊሎም

ሕጂ እንተዘይኮይኑ ግበሪ ኣይትግበሪ
እኳ ዘይሓቖፈኒ ዘየርእየኒ ፍቕሪ
ንድኻመይ ኣይድግፍ በደለይ ኣይገድፍ
ከመይ ይደልዩኒ፡
ዘመነይ ምስ ጨካን ስቕ ኢለ ከሕልፍ፧!

ምኽን ኣበይ ኢሎሞ
ኣብቲ ሰብኣይ ጥራይ
ኣብቲ ሕጂ ጥራይ
ቅዱስ እናኾነ ኣነ ዝረኽሰሉ
እቲ ናቱ ምጽዕዳው፡
ንዓይ እናኣጸለመ
ኮታ
ጨርቂ መርገም ኮይነ ዝነብረሉ
ህይወት ከም ምንባሩ
ኣበይ ፈሊጦሞ
ኣይፈለጡን ንሶም፡ ካብ ሕጂ ብሕጂ ከም እተፈላለኹ
ካብ ሕጊ ወረቐት ናብ ሕጊ መንፈስ ከም እተሳገርኩ

መን ኢሎምዎ ንሶም ነቲ ዘፍቀረኒ
ብፍቕሩ ማሪኹ፡ ካብ ሓዳር ምስ ሕጊ፡ ሓራ ዘውጽኣኒ
እወ፡ ኣይፈለጥዎን ንሕጹየይ
ሓዲሽ ኪዳን ኣትዩ
ናብታ ሓዳስ ምድሪ ናብቲ ሓዲሽ ሰማይ
ዝወስደኒ መጺኡ ካብ ሰማየ-ሰማይ
ኣበይ እሞ ኢሎሞ ጠርጠርቲ ኪዳነይ
ጐይታ ኢየሱስ ምኽኑ፡ ሓድሽ ኣፍቃርየይ
ክብሪ ንእግዚኣብሔር!!

*ጺጋ እዝራ*

# ጥምቀት ሕጻናት

ካብ ልደተ ክርስቶስ 1500 ዓመታት ተጓዒዝና ናብ ዘመነ ማርቲን ሉተር ንበጽሕ። ማርቲን ሉተር ተቓውሞኡ ኣልዒሉ፡ ንወንጌላዊት ቤተክርስቲያን ክምስርት ከሎ፡ ንጥምቀት ህጻናት ግና ኣይተቓወሞን። ኣብ ስዊትዘርላንድ ዝነበረ፡ ኡልሪች ዝዊንጊሊ ዝብሃል ሰባኺ ግና፡ ”እቲ ብህጻንነትና ዝተጠመቕናዮ፡ ብእምነት ዘይተሰነየ ስለ ዝነበረ፡ ከንቱ እዩ” በለ። ስለዚ ኸኣ፡ እቶም ምህሮ ዝዊንጊሊ ዝተቐበሉ ዘበሉ፡ ንሓድሕዶም ዳግም ተጠማመቑ።

ህጻናት ”ከይተጠመቑ ከለው ሞት ከይተርክቦም” ቢሉ ናብ ጥምቀት ዝጓየ እንተሎ፡ ”ድሕሪ ጥምቀት፡ ስርየት ሓጢኣት የልቦን’ሞ፡ ጽላሎት ሞት ክሳዕ ዘንጸላልወና ከይተጠመቕና ክንጸንሕ፡” ዝብሉ ኣቦታት ምንባሮም ድማ ክንፈልጥ ይግብኣና። እቲኦም ከይኣመኑ ናብ ጥምቀት ይኣትዉ እንተልዮም፡ እቲኦም ከኣ ኣሚኖም ካብ ጥምቀት ይሃድሙ ነበሩ ማለት’ዩ።

እቲ ንጉባኤ ኒቅያ ዘጋብኣ፡ ሃጻይ ቈስጠንጥንዮስ ዓብዪ (ወዲ ንግስቲ ኤለኒ፡) ኣብ ኣፍ ሞት ክሳዕ ዝበጽሕ፡ ንጉዕዞ ክርስትናኡ ከይተጠምቀ እዩ ወዲእዎ። እዚ ቈስጠንጢኖስ እዚ፡ ቤተ ክርስቲያን ቅድስናኡ ዝኣወጀትሉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ”ማዕረ ሃዋርያት” ክሳዕ ንኽብሃል’ውን ዝበቕዐ ኣቦ እዩ። ታሪኽ ህይወቱ ከም ዝሕብረና ግና፡ ትንፋሱ ክትሓልፍ ምስ ደለየት እዩ፡ ኣብ ዓራት ሞት ኰይኑ ዝተጠምቀ።

”ህጻናት ኣጥምቑ” ዝብል ትእዛዝ፡ ወይ ”ህጻናት ኣጥመቑ” ዝብል ታሪኽ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይርከብን እዩ። ብኣንጻሩ’ውን፡ ”ህጻናት ኣይተጥምቑ” ዝብል ትእዛዝ፡ ወይ’ውን ”ህጻናት ኣየጥመቑን” ዝብል ታሪኽ ከኣ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይርከብን’ዩ። ንምኽኑ ህጻን ዝበሃል፡ ከምቲ እምነተ ሞርሞን ዝብልዎ፡ ወዲ 8 ዓመት ድዩ፧ ወይስ ከምቲ ንሕና ንብሎ ወዲ 40 መዓልቲ ድዩ፧ ዶስ ከምቲ ዓለም-ለኻዊ ትርጉም ኢልዎ ዘሎ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኡ እዩ፧

### ሃዋርያት ዶ ህጻናት የጠምቑ ኔሮም’ዮም፧

ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ምስ ስድራ ቤቶም እተጠምቁ ዝተባህለሎም ሓሙሽተ ስድራ ኣለው።

- ስድራ ቆርነሌዎስ፡ (ግብ 11:13–14)፡
- ስድራ ሊድያ፡ (ግብ 16:15)፡
- ስድራ እቲ ኣብ ፊሊጲ ሓላው እሱራት ዝነበረ (ግብ 16:33)፡
- ስድራ ክሪስጶስ (ግብ 18:8)፡
- ስድራ ቤት እስጢፋኖስ (1 ቆረ 1:16)።

ኣብዞም ዝጥቀሱ ዘለው ሓሙሽተ ስድራቤት፡ ህጻናት’ውን ኔሮም’ዮም ኢልካ ምእማን ዶ ይቐልል፡ ወይስ ኣብ ሓንቲ’ኳ ትኹን ኣብዘን ሓሙሽተ ስድራ፡ ህጻናት ኣይነበሩን ኢልካ ምእማን፧! እዚ፡ ንዓና ዝሕደግ ሕቶ እዩ። እዞም ሓሙሽተ ስድራ እዚኦም፡ እቶም ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ንመምሃሪ ክኾኑ እተጻሕፉልና ደኣ እምበር፡ ኣቦታትና ሃዋርያት ነዞም ሓሙሽተ ስድራ ጥራይ እዮም ኣጥሚቖም ንምባል ዘይምኺኑ፡ ምስትብሃል ከድልየና እዩ።

ቀዳማይ ሚእቲ ዓመት ሓሊፍና፡ ኣብ መወዳእታ ካልኣይን መጀመርታ ሳልሳይን ሚእቲ ዓመት ይነብር ምስ ዝነበረ፡ ጠርጠሉስ ናብ ዝብሃል ሊቅ ንስገር። ጠርጠሉስ፡ ሰባኺ ጽድቂ፡ ፈታው ሓቂ ተባሂሉ’ዩ ብብዙሓት ዝምጐስ። ነቶም ኣብ ቤተክርስቲያን ኣርፈዶም ኣብ መስተን ምንዝርናን ዘምስዩ፡ እሞ ድማ ”ጥሙቓት” ኢና ቢሎም ዝሓስቡ፡ ብትሪ ይጻረሮም ነበረ። መምህራን ስነ-መለኰት ከም ዝብልዎ፡ ጠርጠሉስ፡ ነቲ ዝርእዮ ዝነበረ ግቡዝ መንፈሳውነት፡ ሸለል ኢሉ ክሓልፍ ዝደሊ ኣይነበረን።

ጠርጠሉስ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስቲያን ኣዝዩ ፍሉጥ ዝኾነሉ፡ ንምህሮ ሓድነትን ሰለስትነትን ዝገልጽ፡ ”ስላሴ” ዝብል ቃል ብምምሃዙ እዩ። ድሒሩ ግን፡ ድሕሪ ጥምቀት ዝግበር ሓጢኣት፡ ሕድገት ኣይርከበሉን’ዩ ዝብል እምነት ኣሕደረ። ጥምቀት፡ መግለጺ እምነት ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዝተጠመቐ ሰብ፡ ንሓጢኣት ሞይቱ ንጽድቂ ክነብር እዩ ዝግብኦ። ሕመረት መልእኽትን ኣገዳስነትን ጥምቀት ድማ ብርግጽ ንሱ እዩ። ጠርጠሉስ ግና ነቲ ብጸጋ ክንነብሮ ዝግብኣና ናብ ግብሪ ቀይሩ ስለ ዝተረድኦ፡ እቲ ዝተጠመቐ ሰብ፡ ድሕሪ ጥምቀት ሓጢኣት እንተገጌሩ፡ ወይለኡ! ኢሉ ኣመነ፡ ንብዙሓት’ውን ከምኡ ከም ዝኣምኑ ገበረ።

ኣብ ሳልሳይን ራብዓይን ሚእቲ ዓመት ዝነበሩ ሓያሎ ናይ እምነት ጀጋኑ፡ ከም እኒ ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢ፡ ቅዱስ ኣጐስጢኖስ፡ ቅዱስ ጀሮም ዝኣመሰሉ፡ ካብ ኣመንቲ ስድራ ተወሊዶም ክንሶምሲ፡ ግናኸ ብግዜ ህጻንነቶም ኣይተጠመቑን። እቲ ምኽንያት ብገለ መዳዩ፡ ጽልዋ ጠርጠሉስ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ክሰሓት ኣይክእልን እዩ። ገለ ካልኦት ከም ዝብልዎ ግና፡ ክርስትና ወግዓዊ እምነት ሮማውያን ምስ ኰነ፡ ጥምቀት’ውን ብገለ መዳዩ፡ ከም መርኣያ ሮማዊ ዜግነት ኰይኑ ተቘጺሩ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ወለዲ፡ ድማ ንስለ ልምድን ወግዕን ጥራይ ክብሉ፡ ንኽርስትና ምስ ዓለማዊ ኩነት ክሕውስዎ ብዘይ ምድላዮም እዩ፡ ንደቆም ብህጻንነቶም ዘየጠመቕዎም፡ ቢሎም ዝምጉቱ’ውን ኣለው።

እዚ ይኹን እቲ ብዘየገድስ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን፡ ብህጻንነቶም ዘይተጠምቁ ምንባሮም፡ ክንርዳእ ኣየጸግምን እዩ። ዛዕባ ጥምቀት ብዝምልከት፡ ኣብተን ቀዳሞት ኣብያተ ክርስቲያን፡ ሓባራዊ ዝኣምንኦ ሰረተ እምነት ኣለወን። እዚ ሰረተ እምነት እዚ "ጸሎተ-ሃይማኖት" ኢልና ኢና እንሰምዮ። "ሓጢኣት ንምስትስራይ፡ ብሓንቲ ጥምቀት ንኣምን" ብምባል ከኣ እምነትና ንገልጽ።

ጥምቀት ሓንሳእን ንነሓዋሩን ዝወሃብ ምዃኑ፡ ኣብ ኩሉ ቅቡል ሓቂ'ዩ። ዋላ እቶም ደጊሞም ዝጥመቑ ይኹን ንጥሙቓት ዘጠምቑ'ውን እንተኾነ፡ "እቲ ቀዳማይ ኣይሕሰብን'ዩ" ወይ ከምቲ ዝዊንጊሊ ዝበሎ፡ "እቲ ቀዳማይ ከንቱ'ዩ" ብምባል'ዮም ንገዛእ ርእሶም ከእምኑ ዝፍትኑ። ድሕሪ'ታ ዝበሃግዋ ምስ ፈጸሙ ግና፡ ከም ብሓድሽ ደጊሞም ወይ ልክዕ ንምኳን ሰሊሶም ኣይጥመቑን እዮም።

**ንኡስ ክርስቲያን**

ተምሃሮ ትምህርቲ ድሕነት፡ ወይ ኣሚኖም ክንሶምሲ ግናኸ፡ ዘይተጠምቁ ማለት'ዩ። ሰብ ምስ ኣመነ ክጥመቕ ከም ዝግብኦ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ እዩ። ስለምንታይ ደኣ እሞ ደቂ 40 መዓልቲ ክጥመቑ ዝፍቀደሎም ኢሉ ዝሓትት ክህሉ ስለ ዝኽእል ግና መብርሂ ምሃብ ኣገዳሲ ኰይኑ ይርከብ። ነዚ ንምብራህ ድማ ካብ ኣመንቲ ዝውለድ ውሉድን ካብ ዘይኣመንቲ ዝውለድ ውሉድን ብመጽሓፍ ቅዱስ ከመይ ከም ዝረኣዩ ክንምርምር የድልየና።

እቲ ብኣብርሃም ጀሚሩ፡ ይስሃቅ፡ ያእቆብ ምስ በለ፡ "እስራኤል" እተሰምየ ህዝቢ እግዚኣብሄር፡ "ኣብ መንጎይን መንጎኹምን ዘሎ ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ" ተባሂሉ ዝተዋህቦም ምልክት ነበረ። "ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ፡ ኣብ ወለዶኹም፡ ኣብ ቤት እተወልደን ካብ ማንም፡ ካብ ዘርእኻ ዘይኰነ ወዲ ጓና ብገንዘብ እተዓደገን ይገዘር" ድማ ይብል፡ (ዘፍ17.12)። ወዲ ሸሞንተ መዓልቲ ነቢብኩም፡ ነቲ "ብግዲ ይገዘር" ዝብል ዘሎ ኣስምሩሉ ኢኹም። እቲ ከምኡ ኢሉ ዝእዝዝ ዘሎ ድማ፡ መራሒ ሃይማኖት ዘይኰነ፡ ባዕሉ እግዚኣብሄር ምዃኑ ድማ ሕሰቡ።

"ኣብርሃም ስጋ ዕልቦኡ ኺግዘር ከሎ፡ ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ኰይኑ ነበረ፡ እስማኤል ክግዘር ከሎ ወዲ 13 ዓመት ነበረ። ብድሕሪ እቲ ምቕባል እቲ ምልክት ኪዳን ዝተወልዱ ግን፡ ደቂ ሸሞንተ መዓልቲ ከለው እዮም ክግዘሩ። እዞም ኣብ ሻምናይ መዓልቶም ዝግዘሩ እቶም ኣብ ቤት እቲ ኣማኒ ዝውለዱ እዮም። ኣብቶም ዘይኣመንቲ ዝውለዱ ግና ምግዛር ኣየድልዮምን እኳ ዘይኰነስ፡ ኣይምልከቶምን ነበረ።

"እቲ ዘይኣማኒ ሰብኣይ በታ ሰበይቱ ተቐዲሱ እዩ፡ እታ ዘይኣማኒት ሰበይቲ'ውን በቲ ሓው ተቐዲሳ እያ እሞ፡ ከምኡ እንተ ዘይከውንሲ፡ ውሉድኩም ርኹሳት ምኾኑ ነይሮም፡ ሕጂ ግና ቅዱሳን እዮም" ኢሉ ክጽሕፍ ከሎ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ (1ቆረ 7.14) እንተወሓደ ሓደ ካብ ወለዲ፡ ኣማኒ እንተኾይኑ፡ እታ ስድራ ናይ ምድሓን ደገ ዝተኸፍተላ፡ ዝተቐደሰት ስድራ እያ እትኸውን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እቶም ውሉድ'ውን ቅዱሳት ይኾኑ። ናብዚ ቅድስና እዚ ንምእታው እምበኣር'ዮም እቶም ህጻናት'ውን ብውክልና ስድራኦም ዝጥመቑ።

እቲ ኣብ ስጋ ዝግበር ግዝረት፡ ነቲ ኣብ ልቢ ክግበር ዘለዎ ግዝረት ምልክቱ እዩ። ብሱሩ እግዚኣብሄር ዝተገዝረ ልቢ እምበር፡ ዕልቦ ስጋ ምግዛርን ዘይምግዛርን ኣገዲስዎ ከም ዘይኣዘዞም፡ እቲ ትእዛዝ ግዝረት ክህቦም ከሎ፡ እቲ ንኣብርሃም ዝተዋህበ ቃል፡ ምስክር እዩ። "ኣነ እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ፡ ፍጹም ከኣ ኹን" ዝብል ቃል እዩ እቲ ንኣቦና ኣብርሃም እተነግረሉ ቃል፡ (ዘፍ 17.1)።

ንኹልኹም እቶም ንጐይታ ኣብ ህይወትኩም ብምንጋስ ኣብ ቅድሚ እዚኣብሄር ክትመላለሱ ዝወሰንኩም፡ ነቲ ብህጻንነትኩም እተጠመቕኩሙሉ ዕላማ ክትነብርዎ ደኣ እምበር ዳግማይ ክትጥመቑ ከም ዘየድልየኩም፡ ርዱኣት ክትኰኑ ሰናይ እዩ።

# ማዕተብ

"ዐተበ" ዚብል ቃል፡ ብቛንቋ ግእዝ ኣመልከተ ማለት እዩ'ሞ፡ ማዕተብ ማለት ድማ፡ ምልክት ማለት'ዩ። ምእሳር ማዕተብ ጀሚሩ ዝብሃለሉ ኣቦ፡ ኣብ መወዳእታ ሓምሻይን መጀመርታ ሻድሻይን ሚእቲ፡ ኣብ ሃገረ ቱርኪ፡ ጤላ ኣብ ዝብሃል ዝተወልደ ሶርያዊ ማር ያእቆብ ዘእልበረዲ እዩ።



ገሊኦም ከም ዝብልዎ፡ ነታ ሓንሳእ ጥራይ ክትፍጸም ዝግብኣ ጥምቀት፡ ደጋጊሞም ይፍጽምዋ ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ጥሙቓት ምልክት ምእንቲ ክህልዎም፡ ብሰለስተ ፈትሊ ዝተፋሕሰ ምልክት ይኣስረሎም ነበረ። ገለ ካልኦት ከም ዝብልዎ ግና፡ ያእቆብ ዘእልበረዲ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፡ ኣብ ሞንጎ እቶም ንውሳነታት ጉባኤ ኬልቄዶን

ዘይቅበሉ፡ ብዙሕ ሰደትን መከራን ይበጽሕ ብምንባሩ፡ ያእቆብ ዘእልበረዲ ድማ፡ ነቶም ብሕቡእ እናጥመቐን እናመሃረን ደቀ መዛሙርቲ ጐይታ ዝገብሮም ዝነበረ፡ ካብቶም ካልኦት መፍለዪ ምእንቲ ክኾኖም እዩ፡ ቀይሕ፡ ጸሊምን ብጫን ዝሕብሮም ፈትልታት ፍሒሱ፡ ንምልክት ዝኣስረሎም ዝነበረ ይብሉ።

እቲ ሰለስተ ሕብሪ፡ ንሰለስትነት ኣብ፡ ወልድ መንፈስ ቅዱስ፡ ምሳሌ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ተፋሒሱ ኣብ ሓደ ምኳኑ ድማ ንሓድነት ሥላሴ ዜመልክት እዩ። ኣብ ትርጉም እቲ ሕብሪ ድማ፡

- ቀይሕ ነቲ ንሕደገት ሓጢኣት ዝፈሰሰ ደም ጐይታ፡ ከምኡ'ውን ንስለ ስም ጐይታ ንመስዋእትነት ድልዉ ምዃን
- ጸሊም፡ ንስለ እምነት፡ መከራ መስቀል ንምልዓል ድሉው ምዃን፡
- ብጫ፡ ዕዙዝ ተስፋ ከም ዘሎና ዜመልክት ነበረ።

ዝኾነ ኰይኑ፡ ያእቆብ ዘእልበረዲ፡ ብጽልዋ ንግስቲ ቴዎድራ፡ ጳጳስ ዘኤደሳ ንኽኸውን ኣብ ዓመተ 543 ማዕርገ ጵጵስና ተቐበለ። ኣብ 578 ዓም ከም ዝሞተ ድማ ይንገር።

ኣብቲ ያእቆብ ዘእልበረዲ ዝነበረሉ ዘመን፡ ናብ ከባቢና ብስደት ዝመጹ "ተስዓቱ ቅዱሳን" እንብሎም፡ ነቲ ልማድ ሒዞሞ ብምምጻእ፡ ንምእሳር ማዕተብ ኣብ ከባቢና ከም ዘተኣታተውዎ ይንገር። ዓሚቑ መጽናዕቲ ዜድልዮ ደኣሉ እምበር፡ ካብ ዘመነ ኣባ ሰላማ 330 ክሳዕ እዞም እንጠቕሶም ዘለና ምምጻእ ተስዓቱ ቅዱሳን ዝነበረ ዘመን፡ ኣብ ከንዲ ማዕተብ፡ ኣብ ግምባር ብምልክት መስቀል ምኽላሕ ይግበር ኔሩ እዩ ዝብሃል።



ምእሳር ማዕተብ ምስ ተጀመረ ግና፡ ቀይሕ፡ ጻዕዳን ሰማያውን ዝሕብሩ ማዕተብ ክእሰር ከም ዝተጀመረ ይንገር።

ኣብ ትርጉም እቲ ሰለስትነትን ሓድነትን ሓደ ኰይኑ፡ ኣብ ትርጉም እቲ ሕብሪ ድማ፡-

- ቀይሕ፡ ነቲ ዝፈሰሰ ደም ክርስቶስ፡ ከምኡ ኸኣ ንስለ ስሙ ክንንብል ንመስዋእትነት ድልዋት ክንከውን፥
- ጻዕዳ፡ ንዝረኸብናዮ ሕድገት ሓጢኣትን ንጽህናን ስለዚ ድማ ብንጽሕና ክንመላለስ ከም ዝግባእ፥
- ሰማያዊ ድማ ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ንምዝኽኻር፡ ስለዚ ኸኣ ንዕኡ ዝበቅዕ ናብራ ምንባር ከም ዝግብኣና ምስክር እዩ ይብሃል።

ኣስተብህሉ፡-

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ እዋን ጥምቀት፡ ጻዕዳ ዝሕብሩ ማዕተብ'ዩ ዝዝውተር ዘሎ። ጽቡቕ ኣሎና ዶ ትብሉ፧!

# ባሊጋ

ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ኣቲኹም፡ ዝጥመቕ ዘሎ ህጻን ሕሰቡ። እቲ ዘጥመቕ ካህን፡ ነቲ ህጻን ኣብ ሕቑፊ ባሊጋ የንብሮ'ሞ፡ ነቲ ባሊጋ ድማ፡ ይፍለጦ ኣይፍለጦ፡ "በል" እናበለ የዋጥሮ። "ኣቦ ቐልዓ" ንምባል "ኣብ-ልጅ" ዝነበረት ስም፡ ምስ ግዜ፡ "ኣበልገ"፡ "ኣባልገ"፡ "ባልገ"፡ እናበለት፡ መወዳእታኡ "ባሊጋ" ናብ ዝብል ብህሎ፡ ጸረየት። ሒዛቶ ዘላ ምስጢር ግና፡ ቀሊል ከይመስለኩም።

"ኣኣምን በኣብ፡" ይብል እቲ ካህን "ኣኣምን በኣብ" ድማ ይብል እቲ ባሊጋ፡ ነቲ ዝተጠምቀ ቈልዓ ኣብ ሑቑፉ ሒዙ። ኣብ ቅድሚ ኹሎም እቶም ንምስክር ዝቘሙ ምእመናንን ኣገልገልትን እናተዋጠረ።

"ኣኣምን በወልድ" ይብል እቲ ካህን፡ "ኣኣምን በወልድ" ድማ ይብል እቲ ባሊጋ።

"ኣኣምን በመንፈስ ቅዱስ፡"

"ኣኣምን በአሐቲ ቅድስት ቤተክርስቲያን"፡

"ኣኣምን በአሐቲ ጥምቀት"

"በል" እናተባህለ ደድሕሪ እቲ ካህን ደርጕስጕስ ይብል። እንታይ ይብል ከም ዘሎ፡ ብርግጽ እዝግሄር፡ ምናልባሽ ከኣ እቲ ካህን ጥራይ እዮም ዝፈልጡ። ብእኡ ጥራይ እንተዝሓልፈሉ ዶ ጸሊእኩም፡ ከም ዝፈልጥን ከም ዘይፈልጥን ከየረጋገጸ፡ "ጸሎተ-ሃይማኖት ድገም" ይብሎ እቲ ካህን። ፈጠጠጠጥ ይብል ባሊጋ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ እኩብ ህዝቢ። መወዳእታኡ፡ ሓደ ካብቶም ዲያቆናት፡ ሕቱኽቱኽ ብዝዓይነቱ ድምጺ፡ ጸሎተ ሃይማኖት ይደግም። ብሱሩ፡ እቲ ጸሎተ ሃይማኖት ዝበሃልሲ፡ ዝእወጅ ድዩ ዝድገም፧! "ሰማይን ምድርን፡ ዝርኣን ዘይርኣን ብዝፈጠረ፡ ብሓደ ኣምላኽ ብእግዚኣብሄር ኣብ እኣምን" ኢልካ ክሳዕ መወዳእታ፡ ብዓውታ ክእወጅ ዶ ኣይምተገብኣን።

እቲ፡ ነዛ "ኣኣምን በኣብ" ንምባል'ኳ ደርጕስጕስ ዝብል ዘሎ ባሊጋ፡ ደሓር ያኢ፡ እቲ ህጻን ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐስ፡ መሰረትን ሰረተ እምነትን እንታይ ምዃኑ ብስርዓት ምሂሩን ኣረዲኡን፡ እቲ ህጻን ባዕላዊ ውሳነ ምእንቲ ክገብር ንኽሕግዞ'ዩ መንፈሳዊ ኣቦ ዝኸውን ዘሎ። እሞ ንኽንድዚ ዝኣክል ሓላፍነትሲ፡ ክሳዕ ክንድዚ ሸለል ኢልና ንገብሮ ምህላውና፡ መዓስ ኮን ክስቈረና ክጅምር፧!

# ኣረኣእያ ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ጥምቀት

ብዛዕባ ጥምቀት ብዘለወን ርድኢት፡ ኣብያተ ክርስቲያን ኣብ ሰለስተ ክንመቕለን ንኽእል።

**ኪዳናዊ ኣረኣእያ**

እዚ ኣረኣእያ እዚ፡ ግዝረት ብጥምቀት ከም ዝተተክአ ዝኣምን ኮይኑ፡ (ዘፍ 17፡9-14 ቈሎ 2፡11-12) *ጥምቀት ኣብ ድሕነት ዝኾነ ይኹን ግደ ዘይብሉ፡ ናይቲ እግዚኣብሄር ምስ ሕዝቡ ዝኣተዎ ኺዳን ማሕተምን ምልክትን ጥራይ እዩ ዝብል መረዳእታ ድማ ኣሎዎ። እቲ ንኣብርሃም ዝተዋህበ ኪዳን፡ ኩሎም ኣብ ቤቱ ዝውለዱ ዘበሉ ብግዲ ክግዘሩ ዝእዝዝ ነበረ። ብክርስቶስ ዝኣመንና ክርስቲያን ድማ ኣባላት ኪዳን ኣብርሃም ኢና (ገላ 3:6-9,26-29 ፥ ሮሜ 4:11,16 ፥ ገላ 4:6,7 ፥ ኤፌ 2:11-13 ፥ 3:6 ፥ ግብ 2:38,39)። ከምቲ ካብ በረኸት ኣብርሃም ንምክፋል ምግዛር ምልክት ኪዳን ዝነበረ፡ ጥምቀት ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ምልክት ኪዳን ብምዃኑ፡ ደቂ ኣመንቲ ኺጥመቑ ይግብኦም ዚብል ኣረኣእያ እዩ።*

**ስርዓታዊ ኣረኣእያ**

እዚ ኣረኣእያ እዚ ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ፡ ምጥማቕ ዘየድልዮ ክንሱስ ግናኸ ኩሉ ጽድቂ ክንፍጽም ይግብኣና'ዩ ዝበለ፡ ጥምቀት፡ ነቲ ድሮ ብእምነት ጥራይ ዝተቐበልካዮ ድሕነት፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ቤተ ክርስቲያንን ሰይጣንን ብወግዒ እትእመነሉ ስርዓት ጥራይ ምዃኑ እምበር፡ ድሕነት ዜውህብ ኣይኮነን ዝብል ርድኢት ድማ ኣሎዎም። እዚ ኣረኣእያ እዚ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ዝጀመረ ኰይኑ፡ ሰብ ንቕድም ክኣምን ድሕሪኡ ድማ ክጥመቕ ይግብእ እምበር ከይኣመነ ምጥማቕ ጌጋ እዩ ዝብል ርድኢት ስለ ዘሎዎም ከኣ፡ ጥምቀት ህጻናት ኣይቅበሉን እዮም።

**ምስጢራዊ ኣረኣእያ**

እዚ ኣረኣእያ እዚ፡ ግዝረት ብጥምቀት ከም ዝተተክአ ዝኣምን ኰይኑ፡ ጥምቀት ምስ ሕድገት ሓጢኣት፡ ሕድገት ሓጢኣት ምስ ምድሓን ዝተወሳሰበን ዝተኣሳሰር ዝምድና ኣሎዎ ዝብል ርድኢት ድማ ኣሎዎ። ከምቲ ኪዳናውያን ዝብልዎ፡ ማሕተምን ምልክትን ጥራይ ዘይኰነ፡ ጥምቀት፡ ሕድገት ሓጢኣት፡ ስለዚ ድማ ምድሓን፡ ስለዚ ኸኣ ውልድነት ዘውህብ'ዩ ዝብል ርድኢት ዘሎዎ እዩ። ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን፡ በዚ ኣረኣእያ እዚ ትኣምን። (ሮሜ 6፡3-5 ግብ 2፡30,31,38,39 ግብ 22፡16 26፡18)

**ጥምቀት ዚፍጸመሉ ኣገባብ**

ኣብያተ ክርስቲያን ብመንጽር ኣገባብ ኣፈጻጽማ ጥምቀት ኣብ ክልተ ይኽፈላ:-

1. **ብምጥሓል**:- ቈሎ 2፡11,12)

ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምብኣርሲ ኸምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና (ሮሜ6.3-4)

ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፡ ብግብሪ እቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም (ቈሎ2፡12)

- ጥምቀት “ምቕባር” ማለት ስለ ዝኾነ ምሉእ ብምሉእ ብምጥሓል ኪፍጸም እዩ ዚግባእ።
- ኣብ ኦርየንታል ኣሓት ኣብያተ ክርስቲያን ኣገባብ ጥምቀት፡ ብምጥሓል እዩ ዝፍጸም።

2. **ብምንጻግ**:- ህዝ 36፡25-28

ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርይ ኢኹም። ካብ ኵሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኵሎም ጣኦታትኩምን ክጽርየኩም እየ። ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢ'ውን ክህበኩም እየ።

***መወከሲ፡*** *መምሃሪ ትምህርቲ ድሕነት፡ ኢ.ተ.ቤ. ኤውሮጳ*

# ጥንተ ኣብሶን ሕድገት ሓጢኣትን

*“ፔላግዮስ”* ዝብልዎ እንግሊዝዊ ፈላሲ፡ “በደል ኣዳም፡ ንኣዳም ጥራይ እዩ ዝጐድኦ እምበር ናብ ዘርኡ ኣይተመሓላለፈን” ቢሉ መሃረ። *“ወዲ ሰብ ብናይ ባዕሉ ግብሪ ደኣ እምበር፡ ብበደል ኣዳም ኣይመውትን እዩ፡ ብትንሳኤ ክርስቶስ'ውን ኣይትንስእን እዩ”* ዝበለ ምህሮ ድማ ኣስዓበ። ”ክርስቶስ እንተዘይመጽእ'ውን፡ ወዲ ሰብ ብዘይ ሓጢኣት ክነብር ይኽእል ኔሩ እዩ” ድማ በለ።

በቶም ሓበን ቤተክርስቲያንና ዝነበሩ መምህር ዓምደብርሃን ገብረማርያም ናብ ትግርኛ ዝተተርጐመ፡ መጽሓፍ “ሃይማኖተ ኣበው” ገጽ 897 ገንጺልኩም፡ ነቲ ፔላግዮስ ኣልዒልዎ ዝነበረ ሓሳብ ንበብዎ። ብምስትውዓል እንተነቢብኩሞ፡ ነቲ ብ12 ሓምለ 2017፡ ብጉባኤ ሊቃውንት ዘኤርትራ ዝወጸ መግለጺ እምነት፡ እምበርዶ ብሊቃውንት እዩ ተዳልዩ ክሳዕ እትብሉ፡ ክትግረሙ ኢኹም።

ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ “ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኸሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩ’ውን ሰልጠነ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ። *(ሓድሽ ትርጉም:- ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ፡ ኣብቶም ከምቲ ናይ ኣዳም ትእዛዝ ብምጥሓስ ሓጢኣት ዘይገበሩ’ውን ነጊሱ ነበረ፡ ኣዳም ከኣ ምሳሌ እቲ ክመጽእ ዝነበሮ እዩ) (ሮሜ.5:14) ዝበሎን፡ ወሲኹ ድማ “ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኲላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም” ዝበሎ (1ቈረ.15:22፡) እዚ እንግሊዛዊ ፈላሲ እዚ፡ ነዚ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝሰፈረ ምህሮን ሰረተ እምነትን፡ “ኣቦይ ቀሺ ዝበልዕዎ ሕምቶ፡ ነደይ ኢታይ ኣየጉስዐንን’ዩ” ብዝዓይነቱ መጐት፡ ብወግዒ ነጸጐን ተጻረሮን።

ኣዳም እንተበደለ ንርእሱ፡ ክርስቶስ መቓብር ፈንቂሉ እንተተንስአ’ውን ንርእሱ፡ ዝብል መርገጺ ከም ዝነበሮ ድማ ኣግሃደ። እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ንኣዳም ክፈጥሮ ከሎ፡ ብዘይ ነውሪ ንጹህ ጌሩ ዝፈጠሮ፡ ከምኡ ድማ ነፍሲ ወከፍ ዝውለድ ዘበለ ሰብ፡ ብዘይ ኣበርን ብዘይ ርኽሰትን ንጹህ ኮይኑ እዩ ዝውለድ፡ ድማ በለ። *ቦኽራዊ፡ ቀዳማዊ፡ ጥንታዊ፡ ሓደው ወለዶኣዊ ዝበሃል፡ ኣበሳ ሒዙ ዝውለድ ህጻን የለን።* ሰብ ብምርጫኡ እዩ ሓጢኣት ዝገብር፡ ብምርጫኡ ድማ ሓጢኣት ከይገበረ ክነብር’ውን ይኽእል’ዩ፡ ዝብል ምህሮ ኸኣ፡ ኣተኣታተወ። እዚ ምህሮ እዚ፡ ክሳዕ ለይተ ሎሚ፡ ”ፔላግዮሳዊ” ብዝብል ስያመ እዩ ዝጥቀስ።

ፔላግዮሳዊ ሰረተ ሓሳብ፡ ኣብቲ ንስጥሮስ እተወገዘሉ፡ ኣብቲ’ኳ ቤተክርስቲያንና ብሓበን እትዝክሮን ከም ሰረተ እምነታ ሒዛ ኸኣ ምስ ኲለን ብጾታ ደው ኢላ እትማጐተሉን፡ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ቤተክርስትያን፡ *ኣብ ጉባኤ ኤፌሶን፡ እተወገዘ ሰረተ ሓሳብ እዩ።*

ጉባኤ ኤፌሶን ሰለስተ ዓበይቲ ጉዳያት እዩ ርእዩ። ቀዳማይ፡ ምህሮ ንስጥሮስ መርሚሩ ብውግዘት ፈለየ። ካልኣይ፡ ምህሮ ፔላግዮስ ርእዩ፡ ብውግዘት ፈለየ፡ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ድማ፡ እቲ ኣቐዲሙ ዝጸደቐ መግለጺ ሰረተ እምነት (ጸሎተ ሃይማኖት) ብዘይ ምውሳኽን ምጒዳልን፡ ከም ዘለዎ ክቕጽል ብስምረት ወሰነ። ገለ ካብዚ ሎሚ ንኽንዘራረበሉ ምኽንያት ኰይኑ ዘሎ፡ ንጥምቀት ብዝምልከት *ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት “ወነኣምን በኣሐቲ ጥምቀት ለስርየተ ሓጢኣት”* ዝብል፡ ከም ዘለዎ ክቕጽል ጸደቐ ማለት ድማ እዩ። ነቲ፡ “ጥምቀት ለስርየተ ሓጢኣት” ዝብል ብሂል ድገምዎ። “ጥምቀት ለስርየተ ሓጢኣት ዝብል ብሂል ሰልስዎ! ሓጢኣትን ጥምቀትን እንታይ ኣራኽቦም፡ ቢልኩም ድማ ሕሰቡ።

ቅዱስ ኣቡነ ሽኖዳ ሳልሳይ መበል 117 ፓትርያርክ ዘመንበረ ቅዱስ ማርቆስ እስክንድርያ፡ ኣብታ “ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ እምነተ ቤተክርስቲያን” THE HOLY VIRGIN MARY IN THE CHURCH’S FAITH” እትብል መጽሓፎም፡ ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፎም ኣለው:- “እቲ መልኣኽ ከኣ መለሰ፡ መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑል’ውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ኪብሃል እዩ” ብዝበሎ መሰረት፡(ሉቃ 1:35)፥ እቲ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተወልደ፡ ብምንጻህ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝነበረ፡ ብዘይ ኣዳማዊ ሓጢኣት እዩ እተጠንሰን እተወልደን፡ ብምባል ቅድስት ቤተክርስቲያን ትኣምን። ቅድስት ድንግል ንባዕላ ግና፡ ኣዲኣ ከም ኲሉ ካልእ ሰብ ብንቡር ስለ ዝጠነሰታ፡ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብቲ ናይ ምስጋና ጸሎታ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ በቲ መድሓንየይ ባህ ይብሎ” ኢላ ዘመረት። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ እያ *ቤተክርስቲያንና ነቲ ካቶሊካውያን ኣሕዋትና “ቅድስት ድንግል ብዘይ ኣዳማዊ ሓጢኣት እያ ተወሊዳ” ዝብልዎ፡ ምስኡ ዘይትሰማማዕ፡* ብምባል ጽሒፎምን ሰረተ እምነትና እንታይ ከም ዝኾነን ምሂሮምን ዝሓለፉ፡ (ገጽ 10-11 ተመልከት)።

እታ ንሶም ዝርከብዋ መንበረ ቅዱስ ማርቆስ፡ ንጥምቀት ብዝምልከት፡ *“ብጥምቀት ኣቢልና፡ ናይቲ ጥንታውን ህልውን ዝኾነ ሓጢኣት፡ ስርየት ንረክብ* እሞ ከምቲ ኣዳም ቅድሚ ውድቀቱ ዝነበሮ፡ ንጹሃት ክሳዕ እንኸውን ድማ እግዚኣብሄር ነቲ ጥንታውን ህሉውን ሓጢኣት ይርስዖ” (By Baptism we get remission of original and actual sins and God forgets them, so we become as pure as Adam before the fall) ብምባል፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ክንበብ ዝከኣል ጽሑፍ ንረክብ። http://www.copticchurch.net/.../sacraments/1_baptism.htm

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ ድማ፡ “የኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን እምነትና ትምህርት” ኣብ ዝብል፡ ብሊቀ ጳጳስ ኣባ መልከጼዴቅ ዝተጻሕፈ፡ “የሕጻናት ጥምቀት በጣም ኣስፈላጊ ነው፡ ይኸውም በጥንተ ኣብሶ ከወረሱት ሓጢኣት ይነጹ ዘንድ፡ የእግዚኣብሄርንም ጸጋ ሁሉ ተሳታፊ መሆን ስላለባቸው” ትርጉሙ፡ “ጥምቀት ህጻናት ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፡ እዚ ኸኣ ብጥንተ ኣብሶ ካብ ዝወረስዎ ሓጢኣት ምእንቲ ክነጽሁን ተማቐልቲ ጸጋ እግዚኣብሄር ድማ ክኾኑ ስለ ዘለዎም እዩ” ብምባል፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መጽሓፍ፡ ኣብ ገጽ 264 ምውካስ ይከኣል።

**ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ማላንካራ ህንዲ፡** ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ሰፊሩ ከም ዘሎ፡ “ጥምቀት ንጥንታውን ህልውን ሓጢኣት ዘንጽህ ምስጢር ብምዃኑ፡ ህጻናት’ውን ብግዲ ክጥመቑ የድሊ.” ኢሎም እዮም ሰረተ እምነቶም ኮፍ ኣቢሎምልና ዘለዉ። እንሆ እቲ መወከሲ http://www.malankara.com/baptism.html

The Holy church deemed necessary the

Baptism of children for the following reasons:

Since all people, children and adults alike share the original sin, they all need to be purified and justified to inherit the kingdom of God, and thus baptism is necessary for their salvation. (ብትግርኛ "ጥምቀት ህጻናት ብዝምልከት እታ ቐድስቲ ቤተ ክርስቲያን ኣድላዪ ኰይኑ ዝረኸበቶ፡ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት እዩ፡- ቈልዑን ዓበይትን ብሓባር፡ ኲሉ ሰብ ተማቓሊ እቲ መበቈላዊ ሓጢኣት ስለ ዝኾነ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ንምውራስ፡ ኲሎም ክነጽሁን ክጸድቑን የድልዮም እዩ፡ ስለዚ ድማ እዩ ጥምቀት ንምድሓኖም ኣድላዪ ዝኾነ")።

ክምዚ ሎሚ ከይኰነ፡ ጉባኤ ሊቃውንት ዘኤርትራ፡ እኒ በዓል መጋቤ ምስጢር መብራህቱ ሞባእ፡ ይመርሕዎ ምንባሮም ናይ ቀረባ ግዜ ታሪኽ እዩ። መጋቤ ምስጢር መብራህቱ ሞባእ፡ "መሰረተ እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን" እትብል መጽሓፍ ክልተ ግዜ ክሕትምዋ ከለው፡ እቶም ናይ ሽዑ ጉባኤ ሊቃውንት ብዓቢ ኣድናቖትን ሓጐስን ደኣ ተሓቲሞ ክትዝርጋሕ ፈቒዱ እምበር፡ ዝተቓወመ ይኹን ካብ ማሕተም ደው ዘበላ ኣይነበረን። ኣብዛ ንዛረበላ ዘለና መጽሓፍ፡ ኣብ ገጽ 65፡ ሕጻናት ክጥመቑ ስለምንታይ ኣድለየ ዝብል ሕቶ፡ ይልዓል እሞ እቲ መልሲ ድማ "ጥንተ ኣብሶ ማለት ብስሕተት ኣዳም ዝመጸ ባህርያዊ ውርሲ ምእንቲ ክድምሰሰሎምን ካብኡ ምእንቲ ክነጽሁን እዩ" ዝብል መልሲ ኸኣ ብፍሩይ ፊደል ተጻሒፉ ንረኽቦ።

እቲ ካብ ኣስመራ ዝወጸ መግለጺ፡ ግና፡ ጥንተ ኣብሶ፡ "ካብ ሱር መሰረታ ተማሒያ ከም ዝወደቐት ገረብን፡ በልያ ከም ዝተደርበየት ጨርቅን ኮይኑ ከም ዘይተራእየን ከም ዘይነበረን ኰነ" ዝብል ሓሳብ እዩ ዘርጊሑ ዘሎ። ሕልፍ ኢሉ ድማ፡ "ስለዚ ሕጻናት ዝጥመቑሉ ምኽንያት፡ እቲ ካብ ስጋ ዝተወልደ ስጋ እዩ እቲ ካብ መንፈስ ዝተወልደ ኸኣ መንፈስ እዩ ከም ዝብል፡ ድሕነት ብጥምቀት ስለ ዝርከብ ደኣ እምበር፡ ጥንተ ኣብሶ ስለ ዝሓለፎም ኣይኰነን" ኢሉ ሓሳቡ ይድምድም። ከምኡ እንተኾይኑ ደኣ'ሞ፡ "ንሕድገት ሓጢኣት ብዝኸውን ብሓንቲ ጥምቀት'ውን ንኣምን" ቢልና ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ምእዋጅ ንምንታይ ኣድለየ፧!

# ስሑት ምህሮ ፔላግዮስ

1. ኣዳም ሓጢኣት እንተዘይፍጽም'ውን ምሞተ ኔሩ።
2. በደል ኣዳም፡ ንዓርሱ ንኣዳም እምበር ንኻልኦት ደቂ ሰብ ኣይጐድኣን።
3. ውልዶ ሕጻናት፡ ልክዕ ከምቲ ኣዳም ቅድሚ ውድቐት ዝነበሮ እዮም።
4. ደቂ ሰብ ብሓጢኣት ኣዳም ኣይኰኑን ዝሞቱ፡ ብትንሳኤ ክርስቶስ'ውን ኣይኰኑን ዝትንስኡ።
5. ሕጊ ሙሴ'ውን፡ ከም ቃል ወንጌል ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ከእትወና ይኽእል'ዩ።
6. ቅድሚ ልደት ክርስቶስ'ውን እንተኾነ፡ ሓጢኣት ዘይነበሮም ሰባት ኔሮም'ዮም ።

# “ዓይኒ መርፍእ”



[illegible]

ኣብ ጥንታዊት ኢየሩሳሌም፡ ኣብቲ “ክርስቲያን ስኳር” ዝብሃል ከባቢ፡ ኣብ መወዳእታ’ቲ “ቪያ ዶላሮሳ” ዝብሃል ጐደና፡ ሓንቲ “ስቕለት” እተሰምየት ፍልጥቲ ቤተ ክርስቲያን ኣላ። ካብኣ 70 ሜትር ጥራይ ርሒቓ እትርከብ ድማ፡ “ቅዱስ ኣለክሳንደር ኔቭስኪ” ዝተሰምየት፡ ቤተክርስቲያን ኦርቶዶክሳዊት ሩስያ፡ ትርከብ። ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ኣለክሳንደር ኔቭስኪ፡ ብዘይካ እቲ “ደገ ፍርዲ” ዝብሃል ዝነበረ፡ ነቲ “ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል” ዝብል ቃል ጐይታና እተዘኻኽር (ማቴ 19.24; ማር 10.25; ሉቃ 18.25) “ዓይኒ መርፍእ” እተሰምየት ጸባብ ደገ’ውን ኣላ።

ኣብዛ፡ “ዓይኒ መርፍእ” እትብል ኣበሃህላ፡ መምህራን መጽሓፍ ቅዱስ፡ ክልተ ዓይነት ርድኢት’ዩ ዘሎዎም። እቶም ቀዳሞት፡ ኣብ ሞንጎ ገመልን እታ ክዳን እንሰፍየላ መርፍእን ዝተገብረ ምንጽጻር’ዩ ዝብሉ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ካልኦት ድማ፡ ምስታ ኣብ ጥንታዊት ኢየሩሳሌም ዝነበረት “ዓይኒ መርፍእ” እትብሃል ጸባብ ደገ፡ ዝተገብረ ምንጽጻር’ዩ ዝብሉ እዮም።


እቶም ቀዳሞት፡ ንሓሳቦም ከራጕዱ ከለዉ፡ ኣብቲ ጐይታና ዝምህረሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ጥንታዊት ኢየሩሳሌም፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ጸቢብ ደገ ኣይነበረን፡ ብስነ-ኵዕታ’ውን ንዕኡ ዝድግፍ መሰነይታ ዛጊት ኣይተረኽበን ዘሎ ክብሉ ከለዉ፡ ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቕሰ፡ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ኣለክሳንደር ናቪስኪ እትርከቦም፡ እቶም ካልኦት ጕጅለ ድማ፡ ነታ ገመል ከተሕልፍ ዘይትኽእል ዝነበረት ጸባብ ደገ፡ ዝምልከት’ዩ ብዝብል ይርድእዎ።

መበገሲ እታ ብህሎ፡ ሓደ ሃብታም መንእሰይ፡ ንምእታው መንግስቲ ኣምላኽ ኣመልኪቱ ንጐይታና ኢየሱስ፡ ተምበርኪኹ ዘቕረበሉ ሕቶ’ዩ። ኣታ ሄር መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽወርስ፡ እንታይ እግበር፧” ዝብል ሕቶ ድማ’ዩ ሓቲቱ። ኣገዳሲ ሕቶ እዩ’ሞ፡ ንሕና’ውን ምስኡ ኴንና ክንሓቶ ዝግብኣና ድማ’ዩ። “ጐይታና ኢየሱስ ከኣ፡ “ነተን ትእዛዛት ትፈልጠን ኣሎኻ” ዝብል ሓጺር መልሲ ሃቦ። ንሱ ኸኣ መምህር፡ እዚ ኹሉስ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ እሕልዎ ኣሎኹ በሎ። እቲ መንእሰይ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝነበሮ ባህጊ፡ ኪንዮ ድሌት ጥራይ ምኧን ሓሊፉስ፡ ገና ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ፡ ነተን ትእዛዛት ከም ዝሕልወን ተዛረበ። ጐይታና ኢየሱስ ከኣ ጠሚቱ ፈተዎ እሞ፡ “ሓንቲ ጐዲላትካ፡ ኪድ ዘሎካ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ ሰማይ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ስዓበኒ” በሎ። ንሱ ግና በዚ ቓልዚ ተኸፍኤ፡ ብዙሕ ጥሪት ነበሮ እሞ፡ እናጕሃየ ከደ፡ እዩ ዝብለና እቲ ጽሑፍ።

ብድሕሪ’ዚ’ዩ ጐይታና ኢየሱስ፡ ኣብ ዙርያኡ እናጠመተ ንደቀ መዛሙርቱ፡ “ገንዘብ ንዘሎዎም ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታው ክንደይ ጭንቂ እዩ፡” ዝበሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ብዘረባኡ ተገረሙ። ኢየሱስ ድማ ንደቀ መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ መሊሱ በሎም፡ “ደቀይ፡ ብጥሪት ንዝእመኑ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ምእታው ክንደይ ጭንቂ እዩ። ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዝኣቱስ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል።” ጐይታና፡ “ክንደይ ጭንቂ’ዩ” ደኣ በለ እምበር፡ ”ኣይከኣልን’ዩ” ኣይበለን።

እቶም ደቀ-መዛሙርቲ፡ ብዙሕ ተገሪሞም ንሓድሕዶም፡ መን ደኣ ኾን ክድሕን ይኽእሎ፧ ተበሃሃሉ። ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ንሕና’ውን ክንሓቶ ዘሎና ይመስለኒ። ኢየሱስ ጠሚትዎም “ንኣምላኽ ኵሉ ይከኣሎ እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ደኣ እምበር፡ ንሰብሲ ኣይከኣሎን እዩ” በለ። ኣቐዲሙ፡ “ክንደይ ጭንቂ’ዩ፡” ዝበለ ጐይታ፡ ሕጂ ግና፡ ኣግሂዱ ኣቢሉ “ንሰብ ኣይከኣሎን’ዩ” በለ።

እቲ መሰረታዊ ሓሳብን ምህሮን እዚ ኽፍሊ’ዚ እምበኣር፡



ንሓፈሻዊ ምህሮ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብፍላይ'ኳ ነቲ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ጐሊሑ ዝተገልጸልና ሓቂ ዝገልጽ እዩ። "ሰብ ብእምነት ብኢየሱስ ክርስቶስ እምበር፡ ብግብሪ ሕጊ ከም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፡ ኵሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝዀነ ንሕና ኸኣ ብግብሪ ሕጊ ዘይኰነስ፡ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ክንጸድቕ ብክርስቶስ ኢየሱስ ኣመንና" (ገላ2.16)። "ኣየን እሞ፡ ብእምነት ክርስቶስ እቲ ብእምነት ካብ ኣምላኽ ዝርከብ ጽድቂ እምበር፡ እቲ ብሕጊ ዚመጽእ ጽድቀይ ሒዘ ኣይኰንኩን" (ፊሊ.3.8)።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብእምነት እተመስከረሎም ግናኸ ምድራዊ ሃብቲ ድማ ዝነበሮም ሓያሎ ንረክብ ኢና። ኣብርሃም ሃብታም ምንባሩ ንርኢ። ከም ሃብታም ብተድላ ዘይኰነ ግና ኣብ ድንኳን ይነብር ነበረ። ኢዮብ ሃብታም ነይሩ። እቲ ሃብቱ ካብቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ ሃብታማት፡ ጸብለል ዝበለ ብምንባሩ፡ ሃብቶም ከም ዝንዕቁ ዝገበር ነበረ። ንጉስ ሰሎሞን፡ "ኣብ የሩሳሌም ወርቅን ብሩርን ከም እምኒ ገበሮ" ተባሂሉ ተጻሒፉሉ'ሎ (2ዜና 1.15)። እዚኦም ኩሎም ሃብታማት እዮም ኔሮም።

ሃብትኻ ከም ጣኦት ካብ እግዚኣብሄር ዝፈልየካ እንተድኣ ኰይኑ፡ ብርግጽ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክትኣቱ ኣይትኽእልን። ሰብ ብእግዚኣብሄር ተዋሂብዎ ብፍቓድ ኣምላኽ ድኣ እምበር ካብ ጻዕሩ ጥራይ'ሲ ሃብታም ኣይከውንን። ፍቓድ ኣምላኽ እንተዘይኮይኑ፡ ሃናጺ ስለ ዝሃነጸ ጥራይ ቤት ኣይጸንዕን'ዩ። ሓላዊ ስለ ዝነቕሐ ጥራይ ድማ ከተማ ኣይትሕሎን እያ። ስለዚ፡ ንሕና ንሃብትና እንተድኣ ገዚእናዮ፡ ማለት ከምቲ ጐይታ ዝፈትዎ ኴንና እንተድኣ ተመላሊስናሉ፡ ንረብሓና ይኸውን። ጐይታ ኢየሱስ ንኽልተ ጐይቶት ክግዛእ ዝኽእል የልቦን ኢሉና ኣሎ። እግዚኣብሄር እንተኾይኑ ጐይታኻ: ገንዘብ ኣገልጋሊኻ እዩ። ገንዘብ እንተኾይኑ ጐይታኻ ግና፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣዚኻ ርሒቕካ ኢኻ ዘለኻ።

ነታ ኣብ ቤተ ክርስቲያን  ቅዱስ ኣለክሳንደር ናቪስኪ ዘላ ቅርሲ "ዓይኒ መርፍእ" ዝረኣየ፡ ብልክዕ ነቲ ጐይታ ዝተጠቕመሉ ምስላ ንምርዳኡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣዕሚቑካ ንምስትንታን'ውን ሓጋዚ እዩ። ብዓይነ ሕልና፡ ኣብቲ ቦታ ኮይነ ንነፍሰይ እናሓሰብኩ እጽሕፍ ኣሎኹ። በታ ጸባብ ደገ ንምሕላፍ፡ ይትረፍ ዶ ብምድራዊ ሃብትን ጥሪትን ጽዕነት እተተኸተኸት ገመል ሃብታምሲ፡ እታ ምንም ጽዕነት ዘይብላ ገመል'ውን ንባዕላ በታ ዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ዝከኣላ ኣይኰነን። ብግርጽ ካብዚ ምድሪ ንሰማይ ሒዝናዮ እንኸይድ ምድራዊ ሃብቲ ኰነ ጥሪት የልቦን። ናብ  ዓለም ሓንቲ'ኳ ኣየምጻእናን እሞ ሓንቲ ክንወስድ ኣይክኣለናን እዩ። ቀለብናን ክዳንናን እንተሎናስ ንሱ ይእክለና እቶም ክህብትሙ ዝደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን ኣብ ብዙሕ ንሰብ ናብ ምብራስን ጥፍኣትን



ዜስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዝወድቁ" (1ጢሞ 6.7-9)።

ኣብ መወዳእታ እቲ ንሃብቱ ምእንቲ ጐይታ ኢሉ ዝኸስሮ: ንኽልቲኡ ከም ዝረብሕ ተረዲኤ'ለኹ፥ ንጐይታን ንሃብቱን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ምምቓል፡ በረኸት፡ መኸሰብን ሓጐስን ኣሎ። መጽሓፍ ምሳሌ ከም ዝነግረና፡ "ኣብ ቤት ጥበበኛ፡ ኽቡር መዝገብን ዘይትን ኣሎ፡ ዓሻ ሰብ ግና ይውሕጦ" እዩ ዝብል'ሞ፡ (ምሳሌ 21፡20)፡ ንኽብሩ ዝበቅዕ ፍረ ክንፈርን፡ በታ ጸባብ ደገ ንምእታው ክንበቅዕን፡ ኣምላኽ ብጸጋኡ ይደግፈና፡ ኣሜን!

# ኣብ ርእስና እንተ ንፈርድ


*ዲያቆን ዳዊት ሃይለስላሴ*

ኣብ ርእሱ ዘይፈርድ ንሓዉ ግና ዝኹንን ኣብ ዘበዝሓሉ ግዜ ከም ዘሎና መጠን፣ ንርእሰይ'ውን ኣብዚ ሓሳብ'ዚ ኣእትየ፡ ድኻመይ እንዳተኣመንኩ እጽሕፎ ምህላወይ ክገልጽ እፈቱ።

ክሰቲ ድሕሪ ምምሳዩ፡ ብኡኣቢሉ ፈቐዶኡ ዝሓድር መሳርሕቲ ኣሎና ንበል'ሞ፡ ሎሚ'ውን ከም ኣመሉ፡ ሓደ ሰዓት ምሉእ ደንጉዩ መጺኡ ኸኣ ንበል። እዚ ከምዚ ዝበለ ክስተት፡ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ጥራይ፡ ንሳልሳይ ጊዜ'ዩ ዘጋጥም ዘሎ። እቲ ሰብ፡ ከም ኣመሉ፡ ንዝገበርናሉ ምትሕብባር፡ «የቐንየለይ» ኢሉና'ሎ። እዛ ምስላ እዚኣ፡ Life, hope and Truth ኣብ ዝብል መርበብ እተረኽበት እያ። ነዚ ሰብ እዚ እንህቦ፡ ሰለስተ ኣማራጺ ግብረ መልስታት ብምቕራብ ድማ ገዛእ ባህርይና ክንፈትሽ ትዕድመና፡- ነቲ ከምዚ ዝባህርዩ መሳርሕቲ፡ ደንጉዩ ምስ መጸ፡ እንታይ ምበልኩሞ፧

ሀ. "ኦፋን-ኮሉ! ሰሰኺርካ ፈቐዶኡ ክትዓብድ ክትብልሲ ክሳዕ መዓስ ኢኻ ስራሕካ ክንሰርሓልካ ትጽበ ዘለኻ፧! ቀኑብ ኣይትስከፍን ዲኻ፧! በቃ፡ ድሕሪ ሕጂ ክሽፍነለይ'ዩ ቢልካ ከይትሓስብ። ኣበይ'ሞ ዋና ኔረ እንተዝኸውን፡ ካብ ስራሕ'የ መባረርኩኻ ኔረ!

ለ. ደንጒኻ ናብ ስራሕ ምምጻእካ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብሓፈሻ ካብ ስራሕ ወጻኢ እትነብሮ ዘለኻ'ውን የሻቕለኒ ስለ ዘሎ፡ ብዛዕባ'ዚ ክንዘራረብ ኣለና። ጸገም ክመጸካ፡ ወይ ንስኻ ካብ ስራሕ ክትስጐጐ ኣይደልን'የ። ብርግጽ፡ ልዕሊ ዓቕምኻ ዝኾነ ነገር ኪጋጥመካ ከሎ፡ ክሽፍነልካ ድልው እየ። ኣንጻር መትከለይ ኣብ ዝኾነ ኣብ ከምዚ ትገብሮ ዘለኻ ተግባራት ንኽትሳተፍ ኢለ ግና፡ ስራሕ ክሽፍነልካ ኣይትጸበ። ስለ ምንታይ ከምዚ ይብለካ ምህላወይ ትርድኣኒ ትህሉ ትኸውን፧!

ሐ. ጸገም ዝብሃል የለን፡ ክሕግዘካ ምኽኣለይ ሕጉስ'የ። ትማሊ ምሸት ጽቡቕ ጊዜ ከም ዝነበረካን ከም ዝተዘናጋዕካን ኢኻ ትመስል ዘለኻ። ዓርኪ ደኣ ካብዚ ሓሊፉ እንታይ ዶ ይገብረልካ'ዩ፡ ኣጆኻ፡ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ክሽፍነልካ ድሉው'የ። ወትሩ ድማ ኣብ ጐንኻ'ለኹ!

ትርጉም ምርጫና ንርአ፡-

ሀ፡ ንርእስኻ ኣጽዲቕካ ንኻልእ ምኹናን፡ ርክብካ ብዘይ ድንጋጸ ምብታኽ፡ ዝባንካ ምሃብ። ከም ክርስቲያን ነዚ ምርጫ'ዚ ምስዓብ፡ ዘንእደና ኣይኮነን።

ለ፡ ፍቕራውን ኣኽብሮታውን መገዲ ዝሓዘ ምዝርራብ። ነቲ እኩይ ግብሪ፡ እኩይ ምኳኑ ብፍቕሪ ምርዳእን፡ ንሓቂ ብፍቕሪ ምንጋርን። እዚ፡ እቲ ትጽቢት ዝግበረልና፡ ክርስቲያናዊ ባህርይ እዩ።

ሐ፡ ብዙሓት ነዛ ኣገባብ እዚኣ፡ ብጌጋ "ፍቕሪ" እዮም ዝብልዋ። ግደ ሓቂ ግና ዘይሓላፍነታዊ ምኳን፡ ሓደው ኣብ ግብረ እከይ ምትሕብባር እዩ። ነቲ እኩይ ምኳኑ እንፈልጦ ተግባር'ውን ከይተረፈ፡ እኩይ ምኳኑ ከይነገርና፡ እቲ ሰብ ብዘለዎ ንኽቕጽል ምትብባዕ ፍቕሪ ኣይኮነን።

*«ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ንሓድሕድኩም ኣይተተሓማመዩ። እቲ ንሓዉ ዚሐሚ ወይስ ኣብ ሓዉ ዚፈርድ ነቲ ሕጊ ይሓምዮ፡ ኣብ ሕጊ'ውን ይፈርድ። ኣብ ሕጊ ኻብ እትፈርድ ግና፡ ፈራዲ እምበር፡ ገባር ሕጊ ኣይኰንካን» (ያእቆብ 4፡11)።*

ሓደ እዋን፡ ፈሪሳዉያን ንጐይታ ክፍትንዎ ደልዮም፡ ኣብ ምንዝርና ረኺብናያ ንዝበልዋ ሰበይቲ ሒዞም መጹ። «ከምዚኣ ዝበለት፡ ብዳርባ እምኒ ኽትመውት፡ ሙሴ ብሕጊ ኣዚዙና ኣሎ፡ ንስኻኸ ብዛዕባኣ እንታይ ትብል፧» ድማ በልዎ። ኣብቲ ጽሑፍ ከም እንርእዮ፡ ነዛ ሕቶ እዚኣ ደጋጊሞም እዮም ሓቲቶሞ። ጐይታ ኸኣ «ካባኻትኩም ሓጢኣት ዜብሉ፡ «ንሱ ቐድም እምኒ የውድቕላ» ብምባል መለሰሎም።

«እዚ ምስ ሰምዑ፡» ይብል እቲ ወንጌላዊ፡ «ብሕሊናኦም ተረትዑ» ይብለና። ለካ፡ ሕልናኦም ከይተረትዐ ስለ ዝጸንሐ እዮም፡ ነታ ብጸይቶም ክፈርድዋ ዝጸንሑ። ብሕሊናኦም ምስ ተረትዑ ግና፡ ካብ ዓበይቲ ጀሚሮም ክሳዕ እቶም ዳሕሮት ኵሎም በብሓደ ከም ዝወጹ እሞ፡ እታ ሰበይቲ ድማ ምስ ጐይታና ኢየሱስ ንበይና ከም ዝተረፈት፡ ይነግረና።

ከምቲ እቶም ፈሪሳውያን ዝበልዎ፡ ሙሴ፡ ከምዚኣ ንዝበለት፡ ብዳርባ እምኒ ክትመውት ሓጊጉሎም እዩ። ጐይታ ግና፡ ቅድሚ ፍርዲ፡ ምሕረት ከም ዘቐድም ኬርኢ ኢሉ፡ *«ኣይፈርደክን እየ፡ ኪዲ እም ደጊም ኣይትበድሊ፡»* በላ።

እዛ ሰበይቲ ኣብ ፍርደይን ፍርድኹምን ወዲቓ እንተትነብር፡ እንታይ ክንብል ወይስ እንታይ ክንውስን ከም እንኽእል ንሕሰብ። ከንደይኖት ካባና ኾን ምድሓን እዛ ነፍሲ ኣገዲሱና፡ ፍቕሪ ጐይታ፣ ወይስ ምሕረት እግዚኣብሄር መርኣናያ፧ ክንዮ ፍርድን ኩነኔን ሓሊፉ፡ መን ኣሎ ኣጆኺ እዛ ጓለይ፡ ኣጆኺ ዛ ሓውተይ ብምባል ዝሓቁፍ፧ ጐይታ፡ «ኣነውን ኣይፈርደክን'የ» ዝበላ፡ ኣብቲ ናይ ዝሙት ህይወት ንኽትቅጽል፡ ሓደው እቲ ዝተኸሰሰትሉ፡ ፍርዲ ዘየውህብ

ስለ ዝነበረ ኣይኰነን። ቅድሚ ፍርዲ፡ ምሕረት ከም ዘቐድም ምእንቲ ከርእያ ግና፡ «ደጊም ኣይትበድሊ» ክብላ ኸሎ ንርኢ።

ጐይታና፡ ነታ ብደሙ ዘጥረያ ነፍሲ፡ መወዳእትኣ ሞት ዘይኰነስ፡ ወራሲት ዘልኣለማዊ ህይወት ክትውን'ዩ ዝደልያ። እምበኣርከስ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ቃል ፍርድን፣ ኩነኔን ካብ ልሳንና ከወጽእ ኣይግባእን። ካብ ከናፍርና ከምዚ ምስ ዝወጽእ ግና፡ ንዕንቅፋትን፣ ንወንጌል መጽረፍን ደኣ እምበር መርኣያ ሰናይ ህይወት ክኸውን ኣይበቅዕን እዩ። ስለዚ'ዩ ሃዋርያ ቅዱስ ያእቆብ፡ እቲ ንሓዉ ዚሐሚ ወይስ ኣብ ሓዉ ዚፈርድ ነቲ ሕጊ ይሐምዮ፡ ኣብ ሕጊ'ውን ይፈርድ፡ ዝበለ።

ንርእስኻ ኣብ ዑረት እንደሃለኻ፣ ንዝተሓለለትን፣ ብርሃን ምርኣይ ዘይተኻእላ ነብሲ ዕረፍትን፣ ብርሃንን ክትህብ ዘይከኣል እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ኣብ ወንጌል ሉቃስ *«ንስኻ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጕንዲ ዘይትርኢ፡ ንሓውኻ፡ ሓወይ፡ ካብ ዓንይኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፡ ክትብሎ ኸመይ ገርካ ትኽእል፤ ኣታ ግቡዝ፡ ቅድም ነቲ ጕንዲ ኻብ ዓይንኻ ኣውጽኣዮ፡ ድሕር'ቲ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ትርኢ፡ ይብለና፡ (ሉቃስ 6፡42)።*

*ከም ምህሮ ወንጌል ክንነብር ስለ ዝግብኣና፡ ነቲ «ከምቲ ኣቦኹም ርሕሩሕ ዝኾነ፡ ርሕሩሓት ኩኑ። ኣይትፍረዱ ኣይክትፍረዱን ኢኹም፡ ኣይትኹንኑ ኣይክትኰነኑን ድማ ኢኹም፡ ሕደጉ ኺሕደገልኩም እዩ» ዝብል ቃል ክንእዘዞ ይግብኣና። ኣብ ግብሪ ክርእ ከሎ ግና፡ ካብዚ፡ ኣዚና ርሒቕና፡ ነቲ እተመሃርናዮ ሓቂ ዘይንነብር፡ መሕፈርቲ ክርስትያን ኢና ኴንና ዘለና።*

እንተሰማዕናዮስ ብህይወት ክንነብር ኢና'ሞ፡ ቃል ኣምላኽ፡ ዝብለና እስከ ንርአ፦ «ንስኻትኩም ግና፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ በታ ኻብ ኵሉ እተቐደሰት እምነትኩም ንርእስኹም እናሃነጽኩም፡ ብመንፈስ ቅዱስውን እናጸለኹም፡ ነቲ ናብ ህይወት ዘለኣለም ዜብጽሕ ምሕረት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እናተጸቤኹምሲ፡ ንርእስኹም ብፍቕሪ ኣምላኽ ሐልውዋ።" እዚ፡ ብዛዕባና ዝተባህለ ክኸውን ከሎ፡ ምስ ካልኦት ዝህልወና ርክብ ብዝምልከት ድማ፦ "ንገሊኦም፡ ነቶም ዚጣራጠሩ፡ ኣረድእዎም። ንገሊኦም ካብ ሓዊ መንጢልኩም ኣናግፍዎም፡ ንገሊኦም ድማ፡ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ኽዳን እኳ እናጸላእኩም፡ ብፍርሃት ደንግጹሎም። ነቲ ኻብ ውድቀት ዘበለ ኺሕልወኩም፡ ብሓጐስ'ውን ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኬቕምኩም ዚከኣሎ፡ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና፡ በይኑ መድሓኒና ዝኾነ ኣምላኽ ቅድሚ ዅሉ ዘመናትን ሕጂን ንዅሉ ዘለኣለም ክብሪ፡ ግርማ፡ ሓይሊ፡ ስልጣን ይኹኖ። ኣሜን (ይሁዳ፡20-25)።

ደጊምና እስከ ገዛእ ርእስና ንሕተት። "ኣብ ርእስና እንተንፈርድሲ፡ ንኻልኦት ምፈረድናን ምኾነንናን ዶ፧ እግዚኣብሄር ይባርኽኩም!



# ኣጽዋማትን በዓላትን 2023-24
# ዘመነ ዮሃንስ ወንጌላዊ 2016 ግእዝ

| | |
|---|---|
| ◆ መስቀል፡ | ሓሙስ 28 መስከረም |
| ◆ ጾመ ነብያት፡ (ጾመ ታሕሳስ) | ቀዳም 25 ሕዳር - 6 ጥሪ |
| ◆ ጾመ ገሃድ (ድሮ ጥምቀት)፡ | ዓርቢ 19 ጥሪ (ሓንቲ መዓልቲ) |
| ◆ በዓለ ጥምቀት፡ | ቀዳም 20 ጥሪ |
| ◆ ጾመ ነነዌ፡ | ሰኑይ 26 ለካቲት (3 መዓልቲ) |
| ◆ ጾመ ኣርብዓ፡ | ሰኑይ 11 መጋቢት (55 መዓልቲ) |
| ◆ ሆሳእና፡ | ሰንበት 28 ሚያዝያ |
| ◆ ስቕለት፡ | ዓርቢ 3 ግንቦት |
| ◆ ትንሳኤ፡ (ፋሲካ) | ሰንበት 5 ግንቦት |
| ◆ ዕርገት፡ | ሓሙስ 13 ሰነ |
| ◆ በዓለ መንፈስ ቅዱስ፡ | ሰንበት 23 ሰነ |
| ◆ ጾመ ሃዋርያት፡ (ጾመ ሰነ)፡ | ሰኑይ 24 ሰነ - 11 ሓምለ |
| ◆ ጾመ ፍልሰታ፡ | ረቡዕ 7 ነሓሰ (15 መዓልቲ) |